# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.234 | ሰንበት 31 ግንቦት 2026 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 ዜና

ገጽ 3 ጥበብ እቲ ጀነራል



ገጽ 4 "ፕላኔትና፡ ጸጋትና"



ገጽ 5 ሓካይምን ተሓከምትን ሰውራ



ገጽ 7 ጦብላሕታዊ ንባብ ኣብ መጻሕፍቲ ታሪኽ ኤርትራ


## ኣገልግሎት ህዝባዊ መጓዓዝያ ንምምዕባል፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ሰረት ዝገበረ ዕዮ ከምእተሰላሰለ ተገሊጹ

ኣብ ውሽጢ 35 ዓመታት ናጽነት፡ ኣገልግሎት ህዝባዊ መጓዓዝያ ንምምዕባል፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ሰረት ዝገበረን ምዕሩይ ዝርግሐ ዘለዎን ዕዮ ከምእተሰላሰለ፡ ሚኒስተር መጓዓዝያን መራኸቢታትን ኣቶ ተስፋስላሴ ብርሃ ገሊጹ።



ቅድሚ ናጽነት 267 ኣውቶብሳት ጥራይ ከምዝነበራ፣ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ግና እቲ ቀጽሪ ናብ ልዕሊ 1,900 ክብ ከምዝበለ፣ ማዕረ ማዕረኡ ድማ ናይ ምጽዓን ዓቕሚ ካብ ኣሰታት 6 ሽሕ ናብ ልዕሊ 59 ሽሕ ክብ ከምዝበለ ብምጥቃስ፡ ኣገልግሎት መጓዓዝያ ካብን ናብን ገጠርን ከተማን ሓውሲ ከተማታትን ዓድታትን ልዕሊ ትጸቢት ከምዝሰፍሐ ኣዘኪሩ።

ብልዕሊ 626 ሚልዮን ናቕፋ 525 ዓበይትን ንኣሽቱን ኣውቶብሳት ከምዝኣተዋ ዝሓበረ ሚኒስተር ተስፋስላሴ፡ ቅድሚ ናጽነት 26 ጥራይ ዝነበረ ማስመራት መጓዓዝያ ገጠር፡ ናብ 342 ክብ ከምዝበለ'ውን ኣፍሊጡ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ምስራሕ፡ ምስፋሕን ምጽጋንን ናይ ቅጥራንን ሓመድን ጽርግያታት ዝተገበረ ገዚፍ ወፍሪ፡ ኣብ ምምዕባል ናይ'ቲ ኣገልግሎትን ርትዓውነት ክፍሊትን ዓቢ ኣስተዋጽኦ ከምዝነበሮ ብምጥቃስ፡ ሽፈነ ኣገልግሎት መጓዓዝያ ንህልው ግዜያዊ ሽግር ኣብ ግምት ብዘእተወ ክስራሓሉን ዘዩረኹበ ዘሎ ከምዝረኽብ ንምግባርን ይሰራሕ ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ንኣገልግሎት ታክሲ ብዝምልከት ድማ፡ ቅድሚ ናጽነት ካብ 200 ዘይበዝሕ ዝነበረ ቀጽሪ ታክሲ፡ ኣብ 2025 ናብ 1,719 ክብ ብምባሉ፡ ብዘሒ ተገልገልቲ ናብ ልዕሊ 23 ሽሕ ከምዝዓበየ ኣረዲኡ። በዚ መሰረት፡ ኑቲ ተዳኺሙ ዝነበረ ኣገልግሎት ህዝባዊ መጓዓዝያ ከተማ ንምምሕያሽን ወሓስ ንምግባሩን ናይ 385 ሚልዮን ናቕፋ ወፍሪ ከምእተገበረ ገሊጹ።

ሚኒስተር ተስፋስላሴ ኣሰዒቡ፡ ብጠቕላላ ልዕሊ 15,100 ደረቕን ፈሳስን ጽዕነት ዘመላልሳ መካይን ከምዘለዋ ብምሕባር፡ ካብዚኣን 2,912 ብማሕበር ዝተጠርነፋ፣ ዝተረፋ 12,316 ድማ ብውልቂ ዝውነና ከምዝኾና ገሊጹ።

## ኤርትራውያን ነበርቲ ፊንላንድ ጽንብል ናጽነት ኣብዒሎም

ማሕበረሰብ ኤርትራውያን ነበርቲ ፊንላንድን ሚኒሶታ-ሕብረት መንግስታት ኣመሪካ፡ "ጽንዓትና ዋሕስና!" ብዝብል ቴማ መበል 35 ዓመት ጽንብል ናጽነት ብልዑል ሓበን ኣብዒሎም።

ማሕበረሰብ ኤርትራውያን ነበርቲ ፊንላንድ ኣብ ከተማ ሄልሲንኪ ኣብ ዘበርዎ ወዕወዕ ጽንብል፡ ኣቦመንበር ማሕበረሰብ ኣቶ ርብል ኣሮን፡ 24 ግንቦት - መዓልቲ ናጽነት ኤርትራ፡ ብመሪር ተጋድሎን ክቡር መስዋእትን ዝመጸትን ዝተዋሕሰትን ዕዙዝ ዕለት ምዃና ብምዝኽኻር፡ ኣብ ሃገረ ፊንላንድ ዝቕመጡ ኤርትራውያን ነዚ ብምርዳእ፡ ሃገራዊ ኾቕሕተየም ብምብራኽ እጃሞም ኣብ ሃገራዊ መደባት መኸተን ልምዓትን ከበርክቱ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ'ቲ ዓበይትን ህጻናትን ኣባላት ማሕበረሰብ ከምኡ'ውን መሓዙት ኤርትራን ኤርትራውያንን ዕዱማት ዝተሳተፍዎ ጽንብል፡ ኣብ ታሪኽን ባህልን ኤርትራ ዘተኩረ ውድድር ሓፈሻዊ ፍልጠትን ባህላዊ ማሳናድኣታትን ቀሪቡ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ሚኒሶታ - ሕብረት መንግስታት ኣመሪካ፡ ብኣላይት ኣወሃሃዲ ሸማግለ በዓላት፡ ውዳቤታት ህግደፍን ሃማደኤን ኣብ ዝተኻየደ ምዕሩግ ጽንብል፡ ዕድመ ዝተጉበረሎም ከንቲባ ከተማ ሰይንት-ፖልን ካልኦት መራሕቲ ትካላት መንግስትን ተሳቲፎም ናይ ምሕዝነት ቃል ከምዝሰምዑ፡ ካብ'ቲ ቦታ ዝጸንሐና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ኣብ ዝኸረ ናጽነት ኤርትራ ምስታፉ ዓቢ ክብሪ ከምዝሰምዖ ዝገለጸ ከንቲባ ከተማ ሰይንት-ፖል፡ ማሕበረሰብ ኤርትራውያን ብህርኩትናኦም ብፍላይ ድማ ኣብ ባህልን ስፖርትን ንካልኦት ኣብነት ከምዝኾኑ ብምጥቃስ የዀናኣ ገሊጹ።

ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ፍሎሪዳ - ከተማታት ማያሚ፡ ታምፓ፡ ኦርላንዶን ጃክሰንቪልን ዝኣብኡ ልዕሊ 500 ኤርትራውያንን ፈተውቲ ኤርትራን ዝተሳተፍዎ፡ ብህላውን ስጥጥበውን መደባት ዝተሰነየ ደሙቕ ጽንብል ተኻዩዱ።



## ማሕበር ህዝባዊ ጥዕና ኤርትራ፡ ራብዓይ ስነ-ፍልጠታዊ ጉባኤ ኣቃኒዑ

ማሕበር ህዝባዊ ጥዕና ኤርትራ፡ "ምሕያል ሞያውያን ህዝባዊ ጥዕና ንምምሕያሽ ጥዕና ሕብረተሰብ" ብዝብል ቴማ፡ ብ30 ግንቦት ኣብ ኣዳራሽ ሃገራዊ ኮንፈደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ 4ይ ስነ-ፍልጠታዊ ጉባኤ ኣቃኒዑ።

ኣብ'ቲ ጉባኤ፡ ኣብ ኣጽዋሕ ካብ ምፍታን ክሳብ ወልፊ ዝምዕበል ልምዲ ምትካኽ ሽጋራን ጸለውቲ ረቛሒታትን፡ ምስ ወርሓዊ ጽግያት ተኣሳሲሩም ኣብ ትምህርቲ ብኩራት ዘስዕቡ ብደሆታት፣ ምርምራዊ መጽናዕትታት ኣብ ህዝባዊ ጥዕና፡ ብስጽኑት ህይወትን ወሰንቲ ባእታታትን ኣብ ተሓከምቲ ግሉኮማ፡ ወሰንቲ ረቛሒታት ሕርሲ ኣብ ገዛ፡ ከምኡ'ውን ኣገዳስነት ህዝባዊ ጥዕና ዝብሉ መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ቀሪቦም።





ስእሊ.-ኣክሊሉ ዘርእዝጊ

ብዘወሰኸ፡ ኣብ ዓመታዊ ጸብጻብ ንጥፈታት ማሕበር፣ ከምኡ'ውን ኣብ ዝተኸለሰ ቅዋም ማሕበር ተዘቲዩ።

ፕረዚደንት ማሕበር ዶ/ር ፍጹም ክብረኣብ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ መድረኽ፡ እዋናዊ ስነ-ፍልጠታዊ



ግዝኡ፡ ኽእላ ምርምርን መጋዘትን ህዝባዊ ጥዕና ንምልዋጥ፡ ኣብ ሓበራዊ ስራሕን ብደሆታትን ብዕምቆት ንምዝታይ፡ ሸርክነት ንምዕዛዝ፡ ከምኡ'ውን መጻኢ ስርዓት-ጥዕና ሃገርና ቅርጺ ንምትሓዝ ኣገዳሲ ምዃኑ ገሊጹ።

ዶ/ር ፍጹም ኣሰዒቡ፡ ምስ ኣገባብት ኣሰራርሓ ሚኒስትሪ ጥዕና ዝሰማማዑ ሞያውነትን ኣድማዕነትን ዓቕሚ-ሰብ ንምንጻር ዝሕግዝ ሓፈሻዊ ሰነድ 'መወከሲ ዝርዝር ዕማም' ንምድላው ይሰርሑ ከምዘለዉ፣ እዚ ድማ ሞያውያን ህዝባዊ ጥዕና ኣብ ቦታ ስራሕ ዘለዎም ሓላፍነትን መሰላትን ብምንጻር፡ ኣገልግሎት ጥዕና ንምምሕያሽ ዝሕለመ ከምዝኾነ ኣዘኪሩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ እቲ መጽናዕታዊ ምርምር ንዝሰፍሐ ክፋል ሃገርና ከጠቓልል፣ ኩሉ መዳያዊ ተሳትፎ ኣባላት ክዓዝዝ፣ ምርምራዊ ንጥፈት ክተባብዕን ኣባላት ተበግሶ ክወስዱን፣ ውዳበ ማሕበር ክሰፍሕ፣ ከምኡ'ውን ኣገዳሲ ሓበሬታ ኣብ እዋኑ ናብ ኣባላት ክበጽሕ ዝብል ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ዜና

# ማእከል - ንጥፈታት ምግራብን ምፍዋስ ማይ-ኮያታትን ዝገምገመ ርክብ ተኻየዱ


ስእሊ ፈያሜት መስፍን



ብዓል-ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘቤዓምን ኣብ 2025 ኣብ ዞባ ማእከል ንዝተሰላሰለ ንጥፈታት ምግራብን ምፍዋስ ማይ-ኮያታትን ዝገምገመ ርክብ፡ ብ28 ግንቦት ኣካየዱ።

ሓላፊ ጨንፈር ልምዓት ኣግራብ ኣቶ ሙሴ ርብል ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ መደብ ንምዕዋት 2.8 ሚልዮን ፈልስታት ኣግራብ ከም እተዳለወ ብምጥቃስ፡ ኣስታት 66 ሚእታዊት ካብኡ ድማ ብተሳትፎ ምምሕዳራት፡ ሚኒስትሪታትን ካልኦት ትካላት መንግስትን፡ ሓይልታት ምክልኻልን ጸጥታን፡ ህግደፍን ሃገራውያን ማሕበራትን፡ ከምኡ’ውን ኩባንያታት ህንጻን ካልኦትን ከምእተተኽለ ገለጹ።

ኣብ ምፍዋስ ማይ-ኮያ ድማ፡ 358 ሄክታር ሓደሽ ቅናታዊ ዛላ ክስራሕ ከሎ፡ 196 ሄክታር ከምእተጸገነ ኣፈሊጡ።

ብተወሳኺ፡ ብወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት ልዕሊ 251 ሽሕ ፈልስታት ገረብ ክትከል ከሎ፡ 489 ኪሎሜተር ሓደሽ ቅናታዊ ዛላ ተሰሪሑ፣ 63 ኪሎሜተር ተጸጊኑ፣ ከምኡ’ውን 473 ሜትሮ ኩሶ ክትሪ ከምእተሰርሐ ሓቢሩ።

ዝተተኸለ ፈልስታት ውሕስነት ረኺቡ ክጸድቑን ኣብ’ቲ ዝድለ ደረጃ ክበጽሖን፡ ድሕሪ ምትካል ዝተገብረ ንጥፈታት ኣገዳስነን ወሳኒን ከምዝኾነ፡ ኣቶ ሙሴ ኣገንዚቡ።

ተሳተፍቲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ዝወጽእን ዝትግበርን መደብ ክጸጸር፣ ካብ ዝተተኸለ ኣግራብ ክንደይ ከምዝጸደቐ ክየገምግም፣ ዘይጸደቐ ክትካእ፣ ከምኡ’ውን ንውልቀ ገረብቲ ምትብባዕ ክግበር ዝብል ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ዋና ኣካያዲ ስራሕ ብዓል-ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘቤዓምን ኮሎኔል ክንፈ ሃብቶም ኣብ ዝሃቦ መዘኻኸሪ ቃል፡ ኣብ 2025 ክራማት ደንጕዩ ብምጅማሩ ንናይ ምግራብ መደብ ብኣሉታ ከምዝጸለዎ ብምጥቃስ፡ መደብ 2026 ንምዕዋት ኩሉን ዝምልከቶም ኣካላት ምድላዋቶም ክጻፍፉ ኣተሓሳሲቡ።

ዋና ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ኣቶ ዘርኢት ተወልደብርሃን ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ ተሳታፍነት ትካላት መንግስቲ ከምኡ’ውን ሓይልታት ምክልኻልን ጸጥታን ኣብ ትግባረ ዝወጽእ መደብ ብምምሳሉ ሎሚ ዓመት ብዝለዓለ ክድፋኣሉ ጸዊዑ።

# ጋሽ ባርካ - ተጠቃምነት ጽሩይ ዝስተ ማይ ኣብ ገጠራት 73 ሚእታዊት በጺሑ

ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ሽፈነ ቀረብ ጽሩይ ዝስተ ማይ ኣብ ርሑቕ ገጠራት ንምስፋሕ ክካየድ ብዝጸንሐ ጻዕሪ፡ 73 ሚእታዊት ካብ ነበርቲ ኣብ ቀረባኦም ጽሩይ ዝስተ ማይ ይረኽቡ ከምዘለዉ፡ ሓላፊ ጨንፈር ሃብቲ ማይ መሃንድስ ዘርኣብሩኽ ተኽለ ሓቢሩ።



ኣብ ርሑቕ ገጠራት ዝነብር ክፋል ሕብረተሰብ ንዝሓለፈ ዝጸበረ ከቢድ ጸገም ብምዝካር፡ ድሕሪ ናጽነት ብሓፈሻ ኣብ ቀዳሞት 10 ዓመታት ድማ ብፍላይ ብዝተገብረ ጻዕቂ ወፍራ፡ ዝተፈላለየ ፕሮጀክትታት ቀረብ ማይ ብምውዳድ ንምቅላሉ ከምእተኻእለን ሕብረተሰብ መስትረሆ ከምዝረኸበን ኣረዲኡ።

ካብ መውዳእታ 2000 ዓ.ም ንደሓር፡ ዓይነትን ደረጃን ስርዓት ቀረብ ዝስተ ማይ ዓድታት ንምምሕያሽ ብዝተወሰደ ተበግሶ’ውን፡ ህዝቢ ውሑስነቱ ዝተረጋገጸ ማይ ብዝላቐነት ዝረኽበሉ ባይታ ሳላ ዝተፈጥረ፡ ኣብ 2011 ዓ.ም 315 ዝነበረ ቁጽሪ ብናይ ኢድ ፖምፓ ዝገልግላ ምንጭታት ማይ፡ ምስ ምትእትታው ጸሓያዊ ጸዓትን ሞተረታትን፡ ኣብ’ዚ ግዜ’ዚ ቁጽረን ናብ 187 ከምዝወረደ ዝጠቐሰ መሃንድስ ዘርኣብሩኽ፡ እዚ ምንቅልቃል - መርኣያ ናይ’ቲ ስርዓት ቀረብ ዝስተ ማይ ንምምሕያሽ ዝወሰድ ዘሎ ስጉምቲ ከምዝኾነ ኣገንዚቡ።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ዛጊት ካብ 946 ናይ ገጠር ዓድታት እተን 78 ሚእታዊት ምንጪ ማይ ክዋደዳለን ከሎ፡ መጠን ተጠቃምነት ጽሩይ ዝስተ ማይ ዓድታት ብደረጃ ዞባ 73 ሚእታዊት ከምዝበጽሐ ብምግላጽ፡ እተን ተሪፈን ዘለዋ ዓድታት፡ ዝተማልአ ቀረብ ማይ ዝረኽባሉ ባይታ ንምፍጣር፡ ከከም ቀዳምነቱ ዝትግበር መደብ ተታሒዙ ጸቢቕ ይግስገስ ምህላዉ ኣብሪሁ።

# ሃገራዊ ላቦራቶሪ ጥዕና እንስሳን ብቖልን፡ ዕዉት ንጥፈታት ኣሰላሲሉ

ሃገራዊ ላቦራቶሪ ጥዕና እንስሳን ብቖልን፡ ኣብ መርመራ ቅምሶታት፡ ምፍራይ ክታበታት እንስሳ፡ ከምኡ’ውን ምሕያል ትሕተ-ቅርጺ ላቦራቶሪታት ዕዉት ንጥፈታት ከምዘሰላሰለ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ሓቢሩ።

ኣብ ፈለማ ዓመታት ናጽነት፡ እቲ ላቦራቶሪ ኣብ ምንጻር ወሰኑን ሕማማት እንስሳ ጥራይ ዘተኩረ፡ ዓመታዊ ካብ 600 ዘይበዝሕ ቅምሶታት ይምርምር ከምዝነበረ፣ ኣብ’ዚ እዋን’ዚ ግን ዓመታዊ ክሳብ 16 ሽሕ ቅምሶታት ይምርምር ምህላዉ ዝጠቐሰ ጸብጻብ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ናይ ምትግባር ዓቕሙ ግን ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ልዕሊ 12 ሽሕ ቅምሶታት ብጺሑ ከምዝኾነ ኣፍሊጡ።



ቀንዲ ዕማማት ናይ’ቲ ላቦራቶሪ፡ ኣብ ምንጻር ሕማማት እንስሳ፡ ምንጻር ሕማማትን ባልዓትን ብቖሊ፡ መርመራ ብቖዓትን ድሕነትን መግቢ እንስሳን ሰብን፡ ምፍራይ ክታበት እንስሳ፡ ከምኡ’ውን ምምስራትን ምሕያልን ዞባዊ ላቦራቶሪ ጥዕና እንስሳን ብቖልን ምዃኑ፡ ጸብጻብ ሚኒስትሪ ሕርሻ የረድእ።

ሃገራዊ ላቦራቶሪ ጥዕና እንስሳን ብቖልን፡ ካብ 2023 ጀሚሩ - ጸረ ዝተፈላለየ ሕማማት እንስሳ ልዕሊ 3 ሚልዮን ብልቃጥ ክታበታት ኣፍርዩ ምህላዉ፣ እቲ መስርሕ ድማ ቀጻሊ ምዃኑን ተፈሊጡ።

ሃገራዊ ላቦራቶሪ ጥዕና እንስሳን ብቖልን ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ኣብ’ዚ እዋን 58 ሚእታዊት ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦ 183 ሞያዊ ዓቕሚ-ሰብ ክህልዎ ከሎ፡ ብዝተማዕደ ብቑዕ ትሕተ-ቅርጺ ከምዝውንን ይገልጽ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጸ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሳኤ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጸ. 1284

# መዘናግዒ

ማርታ'ክብሮም

## ጥበብ እቲ ጀነራል

ቅድሚ ኣሽሓት ዓመታት ሓደ ህቡብ ቻይናዊ ጀነራል ነበረ። ንሱ ኣዝዩ ትኩርን ጎራሕን ነበረ። ሓደ ግዜ ኑቲ ዝጸበዮ ዝበረ ብርቱዕ ምኽኑ ዝነሙቶ ኩናት፡ ብውሑዳት ወተሃደራት ደው ክብሎ ወሰኑ፤ ኑቶም ሓያላት ወተሃደራቱ ከዕርፉ ሰደዶም።



እንተኾነ ሓደ ካብቶም ናይ ኣንጻር ወገኑ ዝኾኑ ሓለፊ ዝኢ ብምፍላጡ፡ ብቐልጡፍ ወተሃደራቱ ኣኽቲቱ ናብቲ እቲ ጀነራል ምስ ወተሃደራቱ ዝነበረሉ ደፋዕ በጽሐ።

ለዩቲ ድማ እቲ ጀነራል ቡቲ ዝሰምዖ ድምጺ ካብ ድቃሱ ተበራበረ፡ "ጸላእትና ኣብ ጥቓና ኣለዉ፣ ኣንጊሆም ድማ ናብዚ ቦታና ክበጽሑ እዮም። ንሕና ከኣ ምስ እዞም ኣሽሓት ዝቖጸርዎም ወተሃደራት ጸላኢ ክንገጥም ኣይንኽእልን ኢና፡" ዝብል ድምጺ ገዛእ ወተሃደራቱ ሰምዐ።

እቲ ጀነራል ዝኢ ምስ ሰምዐ ንቑሩብ ካልኢት ሓሰበ። እቲ ክመጽእ ዝኽእል ኣቐዲሙ ተረዲኡ ስለ ዝጸንሐ ከኣ ንወተሃደራቱ ንመጸሉ እቲ ዝዐበርዎ ቦታ ክኸፍትዎን ክሕብኡን ነርዎም። እቲ ጀነራል ድማ ደርቡን ካብኡን ብምውጻእ ኣብ ቅድሚት ኮይኑ ሓንቲ መሾርሒት መዚቃ ሒዙ ክጻወት ጀመረ።

መራሒ ናይቶም ጸላእቲ መጺኦም፡ ብቐጸበት ኑቲ ጀነራል ስለ ዘለዎ ንወተሃደራቱ ደው ክብሉ ኣዘዞም። ንሱ ዝኢ ጀነራል ብወረኡ ጸቡቕ ጌሩ እዩ ዝፈልጦ። ገለ መጻወድያ ኣዳልዩ ከም ዘሎ ኮይኑ ተሰመዖ። ኑቲ ክመጽእ ዝኽእል ነገር ብምሕሳብ ንቑሩብ ግዜ ደው ኢሉ ተጸበዩ። እቲ ህቡብ ጀነራል ኣብ መሬት ኮፍ ኢሉ መዚቃ ክጻወት ምርኣዩ ሕቶ ፈጠረሉ። እቲ ዝተቐበሎ ሓበሬታ ሓሶት ኔሩ ከይከውን ተጠራጠረ ወይ ከኣ እዚ ጀነራል የታልሎ ከይህሉ ፈርሐ። ምኽንያቱ እቲ ጀነራል ብዚይ ኣጸዋርን ወተሃደራትን ንበይኑ እዩ ረጊኡ መዚቃ ዝጻወት ዘሎ። መለሱ ቅሩብ ግዜ ተጸበዩ፡ እንተኾነ ሕጂውን ዝመጸ ለውጢ ኣይነበረን። ምሒር ስለዝተጠራጠረ ናይ መጥቃዕቲ ወጥናቱ ሰረዞ፡ ብኡ ንብኡ ድማ ንወተሃደራቱ ንድሕሪት ክምለሱ ኣዘዞም።

እቲ ጀነራል ድሕሪዚ ንወተሃደራቱ ኣከበ፡ እቲ ዝበረ ኩነታት ኣዕለሎም።

"ቀዳማይ ሒዝካዮ ዘለኻ ስም ኣገዳሲ እዩ፡ ብዙሕ እወታዊ ወጽኢት'ውን ከምጽኣልካ ይኽእል እዩ። ካልኣይ ዕላማኻ ንኽትዛረም ግድን ኣይኮነ፤ እቲ ኣቓዲምካ ትጥቀመሉ ዝበርካ ሜላ ክትጥቀም። ካልእ ብልሓት ዝመልአ ሓሳብ ተጠቒምካ'ውን ዕላማኻ ክትዛረም ትኽእል ኢኻ፤ ብሓጺሩ ኣብ ኩሉ መዳያዊ ህይወት ብዘገጠመካ ሽግርን መከራን ዓቕሊ ከየጽበበካ ብርግኣት ፍታሕ ኣናዲ፡" በሎም።

## ከምዚ'ውን ኣሎ




• ኣብ ከተማ ኢስታንቡል - ቱርኪ ነርቲ ሓደ ከበቢ ምስቲ ናይ ምሶማዕ ጸገም ዝበሮ ጎረቤቶም ንምርድኣእ ብዙብል ዕላማ ምልክት ቋንቋ ድሕሪ ምምሃሮም፡ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት መዛረቢ ኮይኖም። እቲ መደብ ብሕቡእ ካሜራ ተቐዲሑ ድሕሪ ምዝርግሑ'ውን ትካል ሳምሱንግ ከም መወዓውዒ ክጥቀመሉ እዩ ተራእዩ። እዚ መሃረም ያግዘን ዝተባህለ ናይ ምሶማዕ ጸገም ዘለዎ ቱርካዊ፡ ሓፍቱ'ውን ኣብቲ መደብ ተሳቲፋ እያ። እቲ ፍጻሜ፡ መሃረም ናብ ገዛ ጎረቡቱ እናኸደ፡ ኩሎም ጎረቡቡቱ ናብ ጥቓኡ ብምቕራብ ብቋንቋ ምልክት ክዛረብዎ ምስ ጀመሩ ብሰንባዲ ኣብ ዝበሮ እዩ ደንዚዙ ተሪፉ። ጸኒሑ ግና ብሓጎስ ዝኣክል ክበኪ ተራእዩ።

ኣብ'ቲ መደብ ዝተሳተፉ ጎረቡቡቲ መሃረም፡ ምልክት ቋንቋ ንኽመሃሩ ሓደ ወርሒ እዩ ወሲዶሎም። ሓደ ካብ ተሳተፍቲ እቲ መደብ፡ "እዚ ዝገበርናዮ፡ መሃረም ተጸሎ ከምዝይሰምዖ ዝሩበር እዩ" ኢሉ።

ኣብ መወዳእታ፡ መሃረም ብዙሓት ሰባት ምእንታን ምስኡ ክረዳድኡ ምልክት ቋንቋ ምምሃሮም ኣዝዩ ከም እተሓጎሰ ገሊጹ።

• ተቐማጢ ማሪላንድ ዝኾነ ሰብኣይ ብሰንኪ ቁጠባዊ ቅልውላው ተወሳኺ ገንዘብ ንምርካብ ንብዙሕ ሰዓታት ብዘይ ዕረፍቲ ጎደናታት ክጽሪ ተገዲዱ ነበረ። ሓደ መዓልቲ ግና ክኸውን ሓሲብዎ ዘይፈልጥ እዩ ኣጋጢምዎ። ስራሑ ወዲኡ ንገዛኡ እናኸደ፡ ንእግሪ መንገዱ ዝዓደጋ ሎተሪ ሚእቲ ሽሕ ዶላር ኣግዚማቶ። እቲ ገንዘብ ዕድኡ ንምኽፋልን ንመዛወርን ከም ዝጥቀመሉ'ውን ገሊጹ።



• ኣመራዖቲት ደሲ ደኒስ ኳል 11 ዓመት ህጻን ኮይና፡ ገይና ኣብ ንኣሰ ዕድሚኣ ቅዱስ ሓሳብ ሒዛ እያ ተበጊሳ። ንሳ ኣብ 2019 እንስሳታት ንምሕጋዝ ብዙብል ዕላማ ጽማቑ ለሚን እናሸጠት ገንዘብ ክትእክብ ወሲና። ኳል ሽውዓተ ዓመት ከላ ኑቲ ሓሳብ ከም ዘጠነሰቶ'ውን ኣቦኣ ይገልጽ። ስለዚ፡ ኣብ መበል ሻውዓይ ዓመታ፡ "እንስሳታት ክንሕግዝ እንተ ደሊና፡ ጽማቑ ለሚን ንግዙ" ዝብል ጽሑፍ ብምግባር ኣብ ቤት መግቢ ናይ ሰድራኣ ንእሽተይ ጣውላ ገይራ ጽማቑ ለሚን ክትሸይጥ ጀሚራ። እቲ ሓሳብ ብብዙሓት ሰባት ተቐባልነት ብምርካቡ ኣብ ሓጺር ግዜ ኣስታት 61 ሽሕ ዶላር ክትእክብ ክኢላ።

## ሓቅታት ብዛዕባ ደቂ ተባዕትዮ



ሓደ ካብ ድሌታት ደቂ ተባዕትዮ ክምንሱ ምድላይ እዩ። ዝኾነ ዝገበርዎ ኣበርኪቶ ንእሽቶ ይኹን ዓቢ ብመጻምድቶም ክፍለጠሎም ይደልዩ፤ ከምኡ'ውን ካብኣን ምስጋና ወይ ናይ ናእዳ ቃላት ክሰምዑ ይብህጉ።

ደቂ ተባዕትዮ ንኹሶም ዝገምግሙሉ ኣገባብ ብዝገበርዎ ንጥፈታት ክኸውን ከሎ፡ ደቂ ኣንስትዮ ኑብሰን ዝገምግማሉ መንገዲ ግና ብመንነተን ወይ ብእንታይነተን እዩ። ደቂ ተባዕትዮ ካብ መጻምድቶም ናእዳ ወይ መጎስ ምስ ዘይረኽቡ ኣብ ዝቕጽል ዝኾነ ነገር ክገብሩ ድሌት ኣይሓድሮምን። ንኹሶም'ውን ከምዘይብቑዖት ጌሮም ክሓስቡዋ ይኽእሉ። ስለዚ፡ ናእዳ ንደቂ ተባዕትዮ እቲ ዝበለጸ መግቢ ኣእምሮ ምኻኑ ተረዲእና ብዝበለጸ ንቕድሚት ምእንታን ክስጉሙ ናእዳናን ኣዳናቕትናን ኣይንብቀቐሎም።

ደቂ ተባዕትዮ ብርእሶም ክኸዱ ወይ ባዕሎም ጥራይ ክመሓደሩ ይደልዩ። ከምኡ'ውን፡ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን፡ ጭንቀት ወይ ጸቕጢ ምስ ዘጋጥሞም ንዕኡ ዝገጥምሉ መንገዲ ዝተፈላለየ እዩ። ብመሰረት ጆን ግረይ ደራሲ መጽሓፍ 'ደቂ ተባዕትዮ ካብ ማርስ'ዮም፡ ደቂ ኣንስትዮ ድማ ካብ ቬኑስ'ዮን'፡ ደቂ ተባዕትዮ ጸቕጢ ምስ ዘጋጥሞም መፍትሒ ምስ ዝረኽቡ ጥራይ ጸቡቕ ይሰምዖም ደቂ ኣንስትዮ ድማ ኑቲ ዘጨንቐን ምስ መሓዛተን ወይ መቕርበን ምስ ዘዕልላ ጥራይ ጸቡቕ ይሰምዐን። ስለዚ ደቂ ተባዕትዮ ኣብ ከምዚ ኩነታት ምስ ዝህልዉ መፍትሒ ክናድዩ ስለዝደልዩ ንቕሩብ ግዜ በይኖም ክኾኑ ይደልዩ። ደቂ ኣንስትዮ ድማ ንኹነታት መጻምደን ክርድኣ ይግባእ። ደቂ ተባዕትዮ ዘይከም ደቂ ኣንስትዮ ንዘጋጠሞም ከቢድ ነገር ዝበዝሕ ግዜ ኣብ በይኖም ክገብርዎ እዮም ዝደልዩ፤ ክሳብ መፍትሒ ዝበልዎ ሓሳብ ዘምጽኡ ማለት እዩ።

ካልእ ኣብ መንጎ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ዘሎ ዝዓበየ ፍልልይ ኣብ ኣቀራርባኦም እዩ። ንደቂ ኣንስትዮ ምቅርራብ ማለት ኩሉ ምስጢራትካ ምዕላል፡ ምትሕብባእ ብዛዕባ ዝኾነ ነገር ናጻ ኮይንካ ምዝርራብ ማለት እዩ። ንደቂ ተባዕትዮ ግና ከምኡ ኣይኮነን፡ ደቂ ተባዕትዮ ምቅርራብ ዝበልዎ፡ ንሓደ ነገር ብሓንሳብ ኮይኖም ምስ ዝዓይዎ ጥራይ እዩ።

ኣብ መደምደምታ፡ ኣብ ክልቲኡ ጾታ ዘለዉ ፍልልያት ዘይከሓዱ እዮም። ነዞም ፍልልያት ከም ዘለዉ ገርና ክንሕዶም ዘይኮነ ፍልልያትና ተቐቢልና ንመላላእ። ደቂ ተባዕትዮ ንበይኖም ምሉኣት ኣይኮኑን፡ ደቂ ኣንስትዮ'ውን ከምኡ፡ ክልቲኦም ምስ ዝወሃሃዱ ግና ጎደሎኦም ይምልኡ። ስለዚ ኣብ መንጎና ንዘሎ ድኽመታት ወይ ብልጫታት ከም መመኽሒ ክንጥቀመሉ ኣይግባእን።

## ጥቕስታት ልቦና

• "ሓደ ነገር ክትሰርሕ ኣብ እትፍትነሉ ግዜ ሰባት ፈለማ ዕሽሽ ክብሉኻ እዮም። ቀጺሎም ከባጭውልኻ፡ ድሕሪዚ እውን ክበኣሱኻ'ዮም። እንተኾነ ዚ ኩሉ ሰጊርካ ክትዕወት ምኽንያትኑ ንሳቶም ድማ ደለይቲ ምሕረትካን ደንጋጺኻን ክኾኑ ከምዝኽእሉን ዘይምዝንጋዕ።" ማህተማ ጋንዲ

• "መውዳእታኡ ናብ ይከም እትብጽሖ ዘይተረጋገጸትን ዘይትፈልጦን መንገዲ፡ ጉዕዞ ኣይትጀምር።" ምስላ እንግሊዝ

• "ኑቲ እትብህጎ ምስ ዘይትረኽቦ ቃንዘዩ። ኑቲ ዘይትደልዮን ዘይትብህጎን ምስ ትረክብ'ውን ብተመሳሳሊ። ዋላ'ውን እቶም ኣዚኻ ዝተመነኻዮም ምስ ክትበጽሖም - ቃንዛ ዘይተርፍ'ዩ። እቲ ምንታይሲ ኑቶም ዝረኸብኮዮም ኣገደስቲ ነገራት ክሳብ መወዳእታ ከተሳልዮም ስለዘይትኽእልን ብዝኾነ መዳይ ክስውሩኻ ስለዝኽእሉን። ሓንጎልካ መዋጽኣ ዘይብሉ ኩነት'ዩ። እዚ ኮይኑ ድማ ወትሩ ናጻ ለውጢ፡ ናጻ ቃንዛን ናጻ ደራኺ ህይወትን የድልየ። እንተኾነ ለውጢ ሕጊ'ዩ። በዚ መሰረት ዚ ኣብሉሳዚ ክቕይሮ ዝኽእል ኩነት ከምዘየለ ኣስተብህል።" ሶቅራጦስ

• "ኩላትና ኣብዚ ዘለና ብሓደ ኣገዳሲ ምኽንያት ኢና ተረኺብና። ንሱ ድማ ብሕሉፍ ዛንታ ገዛእ ርእስኻ ክትእሰር ዘይኮነስ ሃናጺ መጻኢ ህይወትካ ክትከውን'ዩ ዘሎካ።" ሮቢን ሻርማ



# ኣከባቢ







## "ፕላኔትና፡ ጸዓትና"

**ኣማን ሳልሕ**
**ክፍሊ ኣከባቢ - ሚ/መ/ማ/ኣከባብን**
**ካልኣይ ክፋል**

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል "ፕላኔትና፡ ጸዓትና" ኣብ ዝብል ኣርእስቲ እቶም ዓበይቲ ብድሆታት ዝበሃሉ ንኩሉ ሃገር ናይ'ዛ ምድርና ደረት ኣልቦ ብዘኾኑ ዓበይቲ ጸገማት ከም ዓለማዊ ዋዒ ዝጠንቁ ክሊማዊ ነውጺ ከምኡውን ኣብ ህይወታዊ ብዙሕነት ዝወርድ ዘሎ ዕንወትን ዝገልጽ ነይሩ። ኣብ'ዚ ናይ ሎሚ ክፋል፡ ድማ ነቶም ካልኦት ብድሆታት ክንርኢ ኢና።

እቲ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናወሰኸ ዝመጽእ ዘሎ ልዑል ጽልዋ ዘርኢ ዘሎ ብከላ ኣከባቢ እዩ። ብከላ ክበሃል ከሎ፡ ካብ'ቲ ንብርር ወዲሰብ ወይ ካልኦት ፍጡራት ክጻወርዎ ካብ ዝኽእሉ መጠን ንላዕሊ ኣብ'ቶም እንጥቀመሎም ከም



ኣየር፣ ማይ፣ መሬት ካልኦት ዝሀሉ ወሰኽ ዘይተደልየ ጉዳማዊ ነገር ማለት እዩ። እዚ ድማ ብቐጥታ ይኹን ብዘዘዋዋሪ ኣብ ህይወታውያን ዝተፈላለየ ጸገማት ወይ ስንብራት ይገብር ኣሎ።

ብከላ ኣከባቢ ቀንዲ ነቶም ወዲ ሰብ ንኸነብር ኣገልግሎት ዝህቡ መሰረታውያን ከም ኣየር፣ ማይን ሓመድን ዝብክል ስለ ዝኾነ እዚ ዓይነት ብከላታት ድማ ብከላ ኣየር፣ ማይ፣ ሓመድን መሬትን ኢልና ክንገልጾም ንኽእል። ብከላ ኣከባቢ ሓደ ካብቶም ዝዓበዩ ብድሆታትን ጠንቂ ካልኦት ኣከባብያዊ ጸገማትን ኮይኑ፣ ናይ'ዚ ምንጪ ድማ ብዓለም ደረጃ ዘሎ ወሰኽ ዝተፈላለዩ ጉሓፋት ብዓይነትን ብዝሕን እዩ።

ብዝሒ ናይዞም ጉሓፋት ክንጽዕ'ቲ ኣብ ጥዕና ወዲሰብ ዝምጽእዎ ዘለዉ ቀጥታዊ ጸገማት ኣብ ኣከባቢ ዝፈጥርዎ ዘለዉ ምምዛብል ኣብ ማሕበረ-ቁጠባዊ ህይወት ዘውርዶ ዘለው ሃሰያ ቀሊል ኣይኮነን። ሎሚ ኣብ ዝተፈላለየ ሃገራት ዝፈሪ ጉሓፍ ብዓይነትን ይኹን ብብዝሒ ብዙሕ ዝተፈላለየ ኣይኮነን እንተኾነ ኣብ ምሕደራን ኣተኣላልያን ዘሎ ኣተሓሕዛ ግን ዝተፈላለየ ሓላፍ ዘላፍ ዘለዎን እዩ። መፍረ ናይ'ዚ ጉሓፍ እንተርኢናዮውን ብመጠን ሃገራት ዘለዎን ዝተፈላለዩ ቁጠባዊ ምዕባለታት ኣብ ግምት ብምእታው፣ ብደረጃ ሃገራት ኣብ ምዕቡላትን ኣብ ምምዕባል ዘርከባን ተባዚሉ ይፈላለ እዩ።

ብደረጃ ኣህጉርና ኣፍሪቃ እንተወሲድና ዓመታዊ ዝፈሪ መጠን ደረቕ ጉሓፍ ከተማታት ካብ 125-174 ሚልዮን ቶን ዝግመት ክኾውን ከሎ ምስ'ቲ ብደረጃ ዓለም ዝፈሪ ክዕጸር ከሎ ኣብ ኣህጉርና ኣፍሪቃ ዘሎ ኣተሓሕዛ ኣተኣላልያ ዝተፈላለየ ጉሓፍ ግና ብዙሕ ዝተርፎ ምዃኑ እዩ። ንኣብነት ኣብ ባህርያዊ ጉሓፍ (Organic wastes) እንተርኢናዮ ኣብ ምምዕባል ዝርከብ ሃገራት ከም ኣህጉርና ኣፍሪቃ ኣስታት 67% ትሕዝቶ ካብ ጉሓፋት ክኸውን ከሎ ኣብ ምዕቡላት ሃገራት ኣስታት 28% እዩ። እዚ ድማ ኣብ ምምዕባል ዝርከብ ሃገራት ዘሎ ጉሓፋት ብተዛማዲ ጥሉሉን ጻዕቂ ዘሎዎ ክኸውን ከሎ ንዚ ጾቂጥካ፡ ጨፍሊቕካ ንምግዓዝ ዘሎ ሃልኪ ዓቢ ይገብሮ። ዝተፈላለዩ መጽናዕትታት ኣከባቢ ከም ዘረጋግጽዎ ዘለዉ ንዘኾነ ዓይነት ዝፈሪ ጉሓፍ ናቱ ምሕደራ ኣልዩን ኣሎዎ። እቲ ካልእ ጸገም ናይ ጉሓፍ ኣብ ኣህጉርና ኣፍሪቃ ዳግም ተመስሪሑ ናብ

ካልእ መዓላ ንምውዓል ዘሎ ተኽእሎ ካብ 4-10 ሚኢታዊት ጥራይ ብምዃኑ፣ እቲ ዝተረፈ ብዓብኡ ስለ ዘይውገን ኣብ ኣከባቢ ተውሳኪ ሳዕቤን የምጽእ ኣሎ ማለት እዩ።

ኣብ ኣተኣላልያ ምሕደራን ዘለና ሽለልትኻትን ልሑሉሕ ኣተሓሕዛን ድኑት ኣፍልጦን ክህልወና እኳ እንተዘይከኣለ፣ ጉሓፍ ብቀሊሉ ክንኣልዮን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽርና ክነንብሮን እናተገበርና ባዕሉ ካብ ቁጽጽርና ከም ዝወጽእ ተመሊሱ ንዝተፈላለየ ሕማማትን ሞትን ከቃልዓልና ንገብሮ ኣለና። እዚ ድማ መጀመርታ ብዋጋ ጥዕናና ብኻልኣይ ደረጃ ኣከባብያዊ ዕንወት ከውርድን ንካልእ ዝይተደልየ ጎናዊ ሳዕቤናት ከም ቁጠባዊ ክሳራታት ይሳጥሓና ተመሊሱ ከም ዝዘሰዩና ንገብር ኣለና።

ኣብ መላእ ዓለምና ዓመታዊ ልዕሊ 2 ቢልዮን ቶን ካብ ከተማታት ዝተፈላለዩ ደርቕ ጉሓፋት ይፈሪ፤ እዚ ኣሃዝ ብሓደ ደረጃ ዝሓለወ መትሓዚ ኮንተይነር ናይ መፅሸኒ ኣድ-ንኣድ እንተኣላጊብናዮ እዚ ጉሓፍ ንቅናት ምድሪ 25 ግዜ ምኩላ ወይ ድማ ልክዕ ካብ መሬት ናብ ወርሒ ርሕቀት ክዝርጋሕ ከም ዝኽእል መጽናዕቲ ከኢላታት ኣከባቢ ይገልጹ፤ ፤ እዚ ብደረጃ ዓለም ዝፍሪ ዘሎ ጉሓፍ ካብ ዝተፈላለዩ ትካላት፣ መንበሪ ኣባይቲ ኢንዱስትሪታት ወዘተ ዝመንጨወ ወይ ዝፈሪ እዩ። ሰደ ፕሮግራም ኣከባቢ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንትርኢታት ምሕደራ ጉሓፍን ኣብ 2024 ኣብ ዘርገሖ ሓበሬታ ልዕሊ 2.7 ቢልዮን ካብ ህዝቢ ዓለም መኣከቢ ጉሓፍ የብሉን፤ እዚ ድማ ኣስታት 540 ሚልዮን ቶን ከተማዊ ጉሓፋት ካብ ጠቕላላ ማለት 27% ብደረጃ ዓለም ኣይእከብን። እዚ ምስ'ቲ ብደረጃ ዓለም ብዝምጋም ንጉሓፍ ናይ ምእካብ ዘሎ መስርሕ ማለት 75% ክዕጸር ከሎ ኣዝዩ ትሑት ይገብሮ፤ ፤ ኣብ'ዚ ድማ ከም ኣብ ትሕተ ሳሃራ ዝርከብ ሃገራት ኣፍሪቃን ከምኡውን ኣብ ማእከላይን ደቡባዊ እስያ ዝርከብ ጎሊሑ ይረኣ፤ ቀደም ኣብ ምሕደራን ኣተኣላልያን ጉሓፍ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሃገር ይኹን ሕብረተሰብ ናኣሽቱ ፍልልያት እኳ እንተነበሩ፤ ሎሚ ብደረጃ ዓለም ምስ'ዚ ኣብ ኣተኣላልያን ኣወጋግዳን ዘሎ ግን ብስፍሕ ይኹን ልምዳዊ ኣገባብ እንተርኢናዮ ብዙሕ ፍልልያት የብሉን።

ብደረጃ ቁጠባዊ ዕብየት ዘሎ ኣፈላላይ እኳ ጎሊሑ ዝርኣ እንተኾነ ብዓለማዊ ገምጋማት እንተርኢና ብመጠን ዝፈሪ ጉሓፍ ንሓደ ሰብ ኣብ ሓደ መዓልቲ ኣብ ምዕቡላት ሃገራት ይበዝሕ፤ ብኻልእ ኣገላልጻ ንኣብነት፤ ኣብ ትሕተ ሳሃራ ዘለዋ ሃገራት ኣፍሪቃ (ኣብ ምምዕባል ) መጠን ዝፈሪ ጉሓፍ 0.5 ኪ.ግ/ብውልቀ-ሰብ/ንመዓልቲ (kg/per-person/day) ክኸውን ከሎ ኣብ ሰሜን ኣሜሪካ 1 ኪ.ግ/ብውልቀ-ሰብ/ንመዓልቲ (kg/per-person/day) እዩ። ብመጠን ዝፈሪ ጉሓፍ ክንርኢ ከለና ድማ ኣብ ሰ/ኤሜሪካ 300 ሚልዮን ቶን ይኸውን፤ ትሕተ ሳሃራ ዝርከብ ሃገራት ኣፍሪቃ 200 ሚልዮን ቶን ይከውን፤ ብመንጽር ኣብ ኣተኣላልያ ምሕደራን እንተርኢና እውን ኣብ ሰ/ኣሜሪካ ዝርከብ ሃገራት ልዕሊ ዕጽፊ ጉሓፍ ከማሓድሮኦ ከለዋ ኣብ ትሕቲ ሳሃራ ዝርከብ ድማ ኣስታት 30% ጥራሕ ይማሓደር፤ ካብተን 50 ዓበይቲ ቦታታት ጉሓፍ ዝርከበለን ከተማታት ዓለምና እተን 19 ኣብ ኣፍሪካ ይርከባ፤ እዚ ድማ ኣፍሪቃውያን ኣብ ምሕደራን ኣተኣላልያን ጓሃፋት ብዙሕ ስራሕ ይጽበየና ከም ዘሎ የመልክት።

ኣብ'ዚ ካብ ንዕዘዮ ብመጠን ዝፈረ ጉሓፍ ኣብ ምሕደርኡን ኣልዩኡን ልዑል ተጉዳእነት እንተሃልዩዎ ኑቲ ኣብ ኣከባቢ ዝወርድ ሃሰያ የጉድሎ፤ ኣብ ትሕቲ ሳሃራ ዝርከብ ሃገራት ምስ'ቲ ዘሎ ዝተፈላለዩ ጸገማት ኣብ ግምት ብምእታው ኣብ ኣተኣላልያ ምሕደራን ጉሓፍ ሃንፍ ከም ዘሎ የርእየና፤ ኣብ'ዚ ብቀሊሉ ክንዕዘዮ ዘኽእለና እንተሎ፣ እቲ ብመጠን ፍርያ/ ንጉሕፎ ጉሓፍ፤ ዘለወና ማሕበራዊ ቁጠባዊ ጸገማት ኣብ ግምት ብምእታው ብወሑድ ንዘፈርዩ ዝተፈላለዩ ጉሓፋት



ካብ ብከላ ኣከባቢ ብዓብይኡ፣ ካብ ዘይተደልየ ቁጠባዊ ክሳራታት ንምንካይ ከምኡውን ጥዕናና ንምሕላው ይሕግዙና።

ኣብ ትሕተ- ሳሃራ ዝርከብ ሃገራት ኣፍሪቃ ምስ'ቲ ዝጠልሓ ጉሓፍና ባህርያዊ ጉሓፍ ሙዃኑ ኣብ ምሕደረኦም ትሑት ኣተሓሕዛ ክህልወና ኣይተጸበዮን። ካልእ ምስ'እዚ ዝከይድ መብዝሕትኡ ግዜ ብትህኪት ወይ ድኑት ኣፍልጦ ብምህላው ዝግበር ኣብ ኣወጋግዳ ጉሓፋት ዝረኣን ከም ልሙድ ዝተወሰደን ምቅጻል ጉሓፋት እዩ። ብደረጃ ዓለም ካብ ዝፍረ ዝተፈላለዩ ጉሓፋት ብዝሒ እንተወሲድና እቲ ብዝምጋም 40% ኣብ ክፉት ቦታ ዝጉሓፍ እዩ፤ ንኣብነት ኣብ ከተማታት ኣፍሪቃ እንተወሲድና ልዕሊ 90% ከምኡውን ኣብ ደቡብ ኣሜሪካ ካርብያን እንተወሲድና ናብ 45% ኣብ ክፉት ቦታታት ይጉሓፍ።

ኣብ'ዚ ቦታ ዝበዝሐ ግዜ ከም ልሙድ መወገዲ ጉሓፍ ተወሲዱ ዝሰርሓሉ ድማ ምቅጻል እዩ። ምቅጻል ጉሓፋት ኣብ ዝኾኑ ትካላት፣ መኣከቢ ጉሓፍ፣ ዓድታት፣ ከተማታት ካልኦትን ከም ልሙድ ዓይነት መወገዲ ጉሓፍ'ዩ ዝውሰድ ዘሎ፤ እዚ ድማ ብዓይነቱ ኣከባብያዊ ብከላ ክርኣ ከሎ ጉጉዩን ክልመድ ዘይብሉን እዩ፤ ጉሓፍ ምቅጻል ማለት ኑቲ ኣብ ውሱን ቦታ ዝነበረ ጉሓፍ ናብ ሰፊሕ ቦታታት ምዝርጋሕን ብዝወሰኸ ደረቕ ዝነበረ ናብ ጋዝን ተመሊሱ ፈሳሲ ብምቕያር ኣብ ብከላ ኣየር፣ ሓመድ፣ ማይን ልዑል ኣበርክቶ ከም ዝህልዎ ንገብሮ ኣለና ማለት እዩ። ንኣብነት እንተወሲድና ጉሓፍ ኣብ ነቃጽሎሉ ግዜ ከም ፋራን፣ ዳይኦክሲን፣ ባዙቃን(ማይክሮቤ) ወዘተ


ዝጠልሑ ጉሓፋት ባህርያውያን ስለ ዝኾኑ ምስ'ቲ ካልእ ዓይነት ጉሓፋት ከይሓወስና ከማሓድርዎም እንተጀምርና ብኡ መጠን ኣዘዎም ሓደገኛታት ባእታታት ከም ዝበዝሑን ዝዝርጉሑን ዝለዓለ ዕንወት ከውርዱን ንገብሮም ኣለና ማለት እዩ።



ካልእ ካብቶም ኣብ ብከላ ዝለዓለ ሳዕቤን እናምጽኤ ዝርከብ ብከላ ፕላስቲካዊ ጉሓፍ እዩ፤ እዚ ድማ ካብ ምድራዊ ክሳብ ባሕራዊ ከም'ውን ጠፈራዊ ህላወኑት ዘለዎ ኣብ ኩሉ ምንቅስቃሳት ደቂ ሰባት፣ ማለት ጥዕናዊ፣ ማሕበራዊ ቁጠባዊ፣ ኣከባብያዊ ወዘተ ዝተፈላለዩ ጸገማት ዘምጽእ ዘሎ እዩ፤ እዚ ምስ'ቲ ዓመታዊ ዝመጽእ ዘሎን ዓይነትን ብዝሕን ፕላስቲክ ዘገልጽ ጸብጻብ ኣብ ኣከባቢ ዘውርድዎ ሳዕቤናት ድማ ዝተዓጻጸፈን ዝተሓላለኸን ከም ዝኾነ ይፍለጥ፤ ብመሰረት መጽናዕቲ ፕሮግራም ኣከባቢ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ከም ዝሕብሮ ዘሎ ወሰኽ ፍርያት ፕላስቲክ ካብ'ዚ ሕጂ ዘለዎ ብዝሒ፤ ኣብ 2060 ብሰለስተ ዕጽፊ ክወሰኽ ምዃኑ ይሕብር፤ እቲ ዝኸፍአ ሳዕቤናት ፕላስቲካዊ ጉሓፋት ዚያዳ ኣብ ውቅያኖሳትን ባሕርታት ጎሊሑ ዝረኣ ኮይኑ ከም'ቲ ዝተፈላለዩ መጽናዕቲ ዝሕብርዎ ዘለዉ ኣብ ዓመት ኣስታት 11 ሚልዮን ሜትሪክ ቶናትን ጉሓፋት ፕላስቲክ ናብ ማያዊ ኣካላት ይኣትው።

እዚ ድማ ጠንቂ ሞት ናይ ልዕሊ ሚእቲ ሽሕ መጥበውቲ ባሕርን ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ኣዕዋፍ ባሕርን ይኸውን ኣሎ። ብሓፈሻዊ ኣዘራርባ ክረኣ ከሎ ፕላስቲክ ብቀጥታ ብምብላዕ ወይ ብምዕፉን ልዕሊ 700 ዓሌታት ብዚ ኩነታት ይሳቀዩ ወይ ይሞቱ ኣለው፤ ዝ ፕላስቲክ ዘውርዶ ዘሎ ጥዕናዊ ጸገማትን ንሱ ዘስዕቦ ሽግራትን ንምፍዋስን ንምክልኻልን ዝሓልኽ ቁጠባውን ፋይናንሳውን ወጻኢታት ልዕሊ 1.5 ቢሊዮን ዶላር ኣሜሪካ ይበጽሕ፤ እቲ ዝኸፍአ ንኽፈወስ ኣዝዩ ከቢድ ዝገብሮ ናይ ፕላስቲክ ጸገማት ብዓይነትና ክረኣ ኣብ ዘይክኣል ደረጃ (ማለት ናኖን ማይክሮን) ኮይኑ ዝተፈላለዩ ጸገማት ካብ ዘምጽኡልና እዮም። ብ ደረጃ ዓለም ንምግታእ ፕላስቲካዊ ብከላ ዝተፈላለዩ ብድሆታት እኳ እንተሃለው፤ ዝግበር ዘሎ ጻዕርታት ግን ቀሊል ኣይኮነን። እቲ ብብዙሓት ሃገራት ኤርትራ ሓውሲካ ዝወሰድ ዘሎ ንተጠቃምነት ፕላስቲክ ዝያዳ ኣብ ረቂቕ ፊስታል ዝኣገድ መመሪሒታትን ከምኡውን ንቕሓት ኣብ'ኻ ሕብረተሰብ ከምዝሕረሞ ምግባርን እንዳ ሓየለ ይኸይድ ኣሎ።

ይቕጽል...



# ካብ ታሪኽ ሰውራና



መሓመድ እድሪስ

## ሓኪይምን ተሓኪምትን ሰውራ


ሻብዓይ ክፋል


ተጋዳሊት ጉት ስዩም (ሸንም)፡ ኣብ መጽሓፍ ገድሊ ደቂ ኣንስትዮ ብዛዕባ ተጋዳሊት ዶክተር ብርሃና ሃይለ ዝጽሓፈቶ፡ ከምዚ ክትብል ትገልጽ፦ "መጥባሕቲ ኣሃዱ ቀድሚ ምጅማሩ ኣብ ከብዶም ዝተሃርሙ ተጋደልቲ ቀልጢፎም ይስውኡ ነበሩ። እዚ ኣብ ተጋደልቲ 'ከብዱ ዝተሃርመ ኣይድሕንን'ዩ' ዝብል ኩነተ ኣእምሮ ፈጠረ። መጥባሕቲ ኣሃዱ ኣብ ቅድመ ግንባር ምምስራቱ ኸኣ፡ እዚ ስክፍታ'ዚ ምሉእ ብምሉእ ፈወሶ። እቲ መረዳእታ፡ 'ሕክምና እንተ በጺሕና ኣይንሰዋእን ኢና' ናብ ዝብል እምነት ተቐየረ። ኣብ 'ኣብዶመን'፡ ከብዲ፡ ልቢ፡ ርእሲ... ዝተወግኡ፡ ቀልጢፍ ረድኤት እንተ ረኺቦም ከም ዝድሕኑ ድማ ተረጋገጸ። ኣሃዱ መጥባሕቲ፡ ተጋዳላይ ምስ ተወግአ ብህይወት ናይ ምድሓን ናይ ምስንካል ወይ ናይ ምስዋእ ዕድል ዝወሰነን ኮነ። ውጉኣት ቀልጢፍ ብውሑዱ ኣብ መንጎ መጥባሕትታትን ምምጻን መሳርሒታት ሕክምናን ክሳዕ ሰዓትን ፈረቓን ኣብሊ ይወስድ ነይሩ።

ድሕሪ እዚ ኹሉ ጻዕሪ ዶክተር ተኽስተን ዶክተር ብርሃናን ኩነታት ናይቶም መጥባሕቲ ዘየድሊዎም ውጉኣት ክርእዩ ናብታ ህድሞ ኣተው። ድሕሪ ገለ ደቓይቕ ሓደ ካብቶም ኣብታ ቀዳመይቲ መዓልቲ ዝመጽኣም ማሰበርቲ ታሕተዋይ መሓውር ዝበሮ ውጉእ፡ ንዶክተር ተኽስተ ተደሃዮ። ዶክተር ተኽስተ ድማ እንታይ ክበሎ ምዃኑ እናተጠራጠረ ናብቲ ውጉእ ቀረብ ምስ በሎ፡ "ብቐዳማይ እዚ ብጻይ፡ ከብደይ'ኮ እየ ተወጊአ ክብለካ እንከሎ እንታይ ማለቱ ምዃኑ ተረዲኡካዶ፧" ክብል ሓተቶ።

"ኣይተረደኣንን" ኢሉ ድማ መለሰሉ ብምግራም።

"ተጋጊኻ ኔርካ ኣብላት ናብ መጥባሕቲ ወሰድዎ ዝበልካዮም እዩ መሲሉዎ። 





ኒታ ክብርቲ ህይወቱ ከድሕኑሉ ምኽኣሉ ኣሐጎሶም። ክብርቲ ህይወቱ ግን ንህዝቡን ንሃገርን ደኣ'ምበር ንዕኡስ ኣይንታዩን ኢያ። ጉዕዞኡ ካብ ሰቓይ ወጺኡ ናብ ሰቓይ ስለ ዝኾነ፡ ብህይወት እንተ ጸኒሑ ድማ ንእመት ሰድሪ እንተ ወሰኸለ እዩ።

ናብቲ ደቂሱሉ ዝነበረ ቅርብ ኢሉ ኣብራኹ ዕጽፍ ኣቢሉ፡ "ከመይ ኣለኻ" ክብል ሓተቶ።

"ጽቡቕ" ኢሉ ብህድኣት መለሰሉ።

"ኩነታትካ ጽቡቕ እዩ ዘሎ" ድማ በሎ። ሓወዩ ናብ ኣሃዱኡን ብጾቱን ክኸይድ ምዃኑ ኣረጋገጸሉ። "ኣይክትሰዋእን ኢኻ" እዩ ዝበሎ ነይሩ።

እቲ ውጉእ ተጋዳላይ ሕጂውን ፍሽኽ እናበለ "ጽቡቕ" ኢሉ መለሰ። "ጽቡቕ" እትብል መልሲ ተጋደልቲ የቓንጸሊዩ፡ ተስፋ እንብር፡ ቅቡል እዩ ወዘተ እትውክል ኣበሃህላ ኢያ ዝነበረት። "እንተለኹ እቲ ውድብ ደረብሕ፡ እንተተሰዊአኩ ድማ እቲ ውድብ (ሃገርን ህዝበን) ይኸስር'ምበር፡ ኣነ እንታይ ከይተርፈኒ" ዝብል መልእኽቲ ነይሩ።

እዚ ምስቲ ናይቲ ግዜ'ቲ "ማስዋእቲ በለጽ እዩ" ዝብል ብሂል ተጋደልቲ ይኸይድ። "ማስዋእቲ በለጽ እዩ" ዝበሎ ዝነበረ ምኽንያት ድማ እንተ ተሰዊኡ ካብ ሰቓይን ሽግርን ደሓን ንምግላል እዩ። ዘገርም'ዩ! ሞት ኩሉ ፍጡር ዝፈርሃን ዘይፈትዋን ክነሱ፡ ኣብ ዘበነ ገድሊ ሞት ንተጋደልቲ ግን በለጽ ተባሂላ!



ረድኤት እንተ ዘይረኸቡም፡ ብመድመይቲ፡ ብሕጽረት ምስትንፋስ፡ ማዕበሊቲ ጸቕጢ ሓንጎል ናይ ርእሲ ማህረምትን ምምራዝ ደምን ክስውኡ ልዑል ተኽእሎ ነበሮም። እንተ ደሓኑ'ውን ከበድ ሰንከልና ግዜ ይወስደሎም ነበረ። ስለ ዝኾኑ፡ ኣሃዱ መጥባሕቲ ህ.ግ. ቀልጢፍ ረድኤት ንምሃብ ካብ ዓውደውግእ ኣብ ከባቢ ፍርቂ ሰዓት ዝድነኣሉ ዝነበረ ምኽንያት ድማ እዚ እዩ።" ክትብል ዶክተር ብርሃና ሃይለ ብዛዕባ ኣሃዱ መጥባሕቲ ህዝባዊ ግንባር ዝነበራ ተመክሮ ተካፍል።

ተዘክሮታት ዶክተር ተኽስተ'ውን ካብዚ ዶክተር ብርሃና ዝበለቶ ዝፍለ ኣይኮነን። ብፍላይ ኑቲ ኣብ ናቕፋ ኣብቲ ፈላሚ እዋን ኑቲ ኣብ ከባቢ ናቕፋ ሩባ ጠናስ ተመስሪቱ ዝነበረ ኣሃዱ መጥባሕቲ፡ በቶም ቀዳሞት ሰለስተ ውጉኣት ዝጀመሮ መጥባሕቲ ተዓዊቱሉ'ዩ። እቲ መውጋእቲ ክልተ ናይ ከብዲ ሓደ ድማ ኣብ ታሕተዋይ መሓውሩ ዝተወግአ ተጋዳላይ ዝተጉበረ ክኸውን ከሎ፡ እቲ ዝጥቀሙሉ ዝነበሩ እቲ ዝረኣናዮ መጒኢታዊ መሳርሒታት'ዩ። እዚ መሳርሒታት'ዚ ድማ ኣብታ ዝነበረቶም መማሃሪት እናኣማሓሉ ይጥቀሙሉ ነበሩ። ብፍላይ እቲ ምምሳን ብኦፃሚ ወይ ዕንጸይቲ እናተጠቐሙ'ዮም ዝጥቀሙ ዝነበሩ። ላዕማ ግን ኣብቲ እዋን'ቲ ድሕሪ ምልጋስ ደም ዝሰራዕ ብቐለል ዘይርከብ ነይሩ። ስለዚ ካልኣይ ደገምካ ወሰዱዎ ምስ በልካ፡ ከረጋግጽ፡ 'ዶክተር ከብደይ'ኮ እየ ተወጊአ' ኢሉካ" በሎ።

ዶክተር ተኽስተ ኣሰደሚሙዎ ሰቕ ኢሉ እንከሎ፡ ቀጺሉ ኣብሉ፡ 'እቲ ዝጸንሐ ኣረዳድኣ ከብዱ ንዝተወግአ ዝጠበረሉ ነገር የልቦን። ኩሉ ሞቱ ጥራይ'ዩ ዝሓስቡ። ብስላም ክስዋእ ጥራይ እዩ ትጽቢቱ ነይሩ' ኢሉ ገለጸሉ። ቅድሚ'ቲ ግዜ'ቲ ከብዱ ዝተወግአ ተጋዳላይ ኣብ ሜዳ መጥባሕቲ ተገይሩሉ ክበሃል ሰሚዑ ኣይፈልጥን እዩ፡ ንሱ ጥራይ ዘይኮነ እቲ ልሙድ ምልልስ ኣብ መንጎ ተጋደልቲ፦

"እገለ ኣብ ምንታዩ እዩ ተወጊኡ፧"

"ኣብ ከብዱ።"

"እሞ፡ ክስዋእ እዩ ዘይትብሎ ወይ ተሰዊኡ ደኣ ዘይትብል።" እዩ ነይሩ።

ዶክተር ተኽስተ፡ ኑቲ መግለጺ ናይቲ ተጋዳላይ ምስ ሰምዐ ኣዝዩ ሓዘነ። ንሱ፡ ከብዱ ዝተወግኡ ሓወዩ ክበሃል ሰሚዑን ርእዩን ስለ ዘይፈልጥ፡ ከም ዝስዋእ ምሉእ ብምሉእ ኣሚኑ ንማስዋእቲ ብስነ-ኣእምሮ ተቐጺሩዋ ብርግኣት ይጽበዮ ነይሩ። ዶክተር ተኽስተ ግን በንጻሩ ድሕሪ መጥባሕቲ ገለ መዓልታት ጸኒሑ ሓወዩ ካብ ኣሃዱ መጥባሕቲ ክፋኖ። ንዝርእዮ ርግኣትን ጽንዓትን ድማ ኣዝዩ መጒሱዎ። በቲ ኻልእ መዳይ'ውን ዶክተር ተኽስተ ድሕሪ'ታ ግዜ'ቲኣ፡ ንገለ ቀለልቲ ጸገማት እንተ ዘይኮይናዎም፡ ንህይወቱ ዘሰግኡ ኩነታት ከም ዘጋጥሞም ድሕሪ ምግምጋሙ፡ 'ካብ ማስዋእቲ ድሒኑ ኣሎ' ኢሉ ብምትእምማን ደምደመ። ብተወሳኺ ኑቲ ጸዊዑ ኩሉ ዝረደአ ተጋዳላይ ብልቡ ኣማሰገነ። ብድድ ኢሉ ድማ ናብቲ ከብዱ ተወጊኡስ መጥባሕቲ ዝገበሩሉ ተጋዳላይ ተኽስተ ማስፍን ኣተኩሩ ጠመተ። ካብ ኩነታቱ ትሰፋውን ፍሕሾውን ገጽ ኣንበበ።



ተጋዳላይ ተኽስተ መስፍን ድሕሪ ናጽነት ኮርስ ክወስድ ናብ ኤውሮጳ ምስ ከደ

ይቕጽል ...


## ስእላታትና ቅርስታትና

ሰራዊት መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኑቲ ኣብ 50ታት ብዘይ ድሌት ህዝቢ ኤርትራ ዝተፈረመ - ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝተገበረ ስምምዕ ፈደረሽን ብምጥሓሱ፡ ንጉስ ሃይለስላሰ ኣብ 1952 ቢንቶ መረብ ሓሊፉ ናብ ኣስመራ ኣተወ፡ እቲ ተንኮል ድማ ካብ ሽው ንደሓር ብወግዒ ክእለም ጀመረ። ኤርትራ፡ በብእዋኑ ብጦር ሰራዊትን ብእስራኤል ዝተዓለሙ ኮማንደስን ኣዕለቕለቐት።

ህዝቢ ኤርትራ ግን እምቢ ንመግዛእቲ ብምባል፡ ኣብ ባሕቲ መስከረም 1961 ብረት ኣልዒሉ መሰሉን ናጽነቱን ንምርግጋጽ፡ ክቃለስ ናብ በርካ ወጺኡ፣ ንናጽነት ድማ ብኽቡር መስዋእቲ ደልዩዋ። ደሙን ዓጽሙን ከፊሉ፡ ብዓበኡ ከኣ እታ ክብርቲ ህይወቱ ወፍዩላ። ድሕሪ ናይ 30 ዓመታት መሪር ቃልሲ ድማ ኣብ 24 ግንቦት 1991 ኑቲ 'ሆ!' እናበለ ዶብ ኤርትራ ሰጊሩ ዓድታትና ዘንደደን ተኸታታሊ ወራራት እናፈጸመ ክኸፈል ዘይነበሮ መስዋእቲ ዘኽፈለናን ብምስዓር፡ ናጽነትና ብክቡር ዋጋ ህይወትና ኣረጋገጽና።

እቲ እናፈከረን እናተጃህረን "ኤርትራ መሬታ እምበር፡ ህዝባ ኣየድልየናን እዩ" ኢሉ ኣብ ኤርትራ ዓስኪሩ ዝነበረ ሰራዊት መግዛእቲ ድማ፡ ከምቲ ናብ ኤርትራ እናኣተወ ዝበሮ መንፈስ ዘይኮነ፡ ዝመወተ ሞይቱ እቲ ዝጠዘለ ድማ እናተመናኸሸ ኣብ ትሕቲ ምርኮ ህዝባዊ ሰራዊት ኣትዩ። ብሰላም ድማ ናብ ዓዱ ተፋንዩ።

እዛ ንርእያ ዘለና ስእሊ ድማ እቲ ብኻልኣይ ኣብዮታዊ ሰራዊት ዝፍለጥ ወራሪ ሰራዊት ደርግ ቅድሚ ናብ ዓዱ ምፍናዉ ኣብ ትሕቲ ሓለዋ ተጋዳላይ ከሎ እትምስክር ስእሊ ኢያ።



ወራሪ ሰራዊት መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣብቲ ናይ መጠረሽታ ህሞት ናጽነት - ግንቦት 1991

## መልሲ ናይ ዝሓለፈ ሕቶታት ታሪኽ

1. ኣብ ጥቅምቲ 1984
2. 161፡ 271፡ 381፡ 491
3. ናቕፋን ከረንን ርእሰ ከተማታት ሳሕልን ሰንሒትን ብህ.ግ. ኣቑርደትን መንደፈራን ርእሰ ከተማታት ባርካን ሰራየን ብተሓኤ ተሓራረን።
4. ሐ/ ተጋድሎ ሓርነት ማእከላይ መራሕነት (ሳግም)

ምልክታ
ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

# VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following positions

**3.Position: Senior Underground Geologist**
**Department: Processing and Underground Operations**
**Section: Harena Underground**
**Number required: One (01)**

## Primary Purpose

- Support geology for the Harena Underground project, a new greenfield shaft sinking and portal development, and support operational readiness. Provide resource and grade control, geological modelling, drilling support, and reconciliation. Support safe and efficient development through data analysis, sampling programs, and coordination across early works and operational phases.

**Essential Functions**

- Behavioral and Technical and Safety, Health & Environment
- Reliability practices and Operations & Service Delivery
- Technical and Financial Budgeting and Forecasting and People Management

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

**Geological support during shaft sinking and portal excavation**

- Provide face mapping, structural logging, and ground observations to support safe advances and confirm geological conditions against design.
- Support hazard identification such as faults, weak zones, and water inflows.
- Maintain geological records for sinking and development to support future mine planning.

**Geological model development and data integration**

- Compile drilling, mapping, and sampling data to refine geological interpretation during early works.
- Update geological models to support design decisions, sequencing, and risk management.
- Support definition of ore zones and key contacts ahead of development.

**Drilling and sampling programs**

- Plan and supervise underground drilling to support geological confidence and operational readiness.
- Establish sampling procedures for development headings and stockpiles.
- Ensure QA and QC protocols and database integrity.

**Resource definition and reconciliation**

- Support resource updates using new data from drilling and mapping.
- Track geological assumptions and risks as the project moves toward production.
- Support reconciliation between models and observed conditions during development.

**Operational readiness and systems setup**

- Develop procedures for grade control, sampling, and geological logging for future stoping.
- Support setup of geology workflows, reporting systems, and data management.
- Prepare handover documentation to support transition from project to operations.

**Team leadership and coordination**

- Lead and guide geologists and technicians during startup activities.
- Coordinate with mining, geotechnical, planning, and construction teams to support safe advance.

**Reporting**

- Provide regular updates on geological conditions, risks, and implications for schedule and design.
- Maintain clear records to support project reviews and decision making.

**Health, Safety and Environment**

- Promote safe practices during mapping, sampling, and underground work.
- Support compliance with site safety standards during early works and construction.

**Additional Duties**

- Adhering to all other assignments that are given by the Supervisor that are lawful and fair.

**Unique requirements/other information**

- Previous working experience in reactive ground conditions.
- Requisite attributes necessary to perform the role in terms of BMSC core Values.
- He always be organized, competent, dependable and responsible
- Candidate must be physically medically fit.

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| • Bachelor's degree or diploma in University degree in Geology is essential.<br>• Expert working knowledge of the mining and minerals industry.<br>• Proficient in using various types of computer software (Word, Excel. PowerPoint, Outlook, AutoCAD) | • Software including: Deswik, Leapfrog, ACQ and Microsoft Office.<br>• At least 10 years practical mining experience.<br>• At least 5 years Geology experience in Underground mining. |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| • Precious and base metal geology, assay methods, sampling, check assays<br>• Resource modelling and evaluation<br>• QA and QC systems for drilling and sampling<br>• Geological database management and data validation<br>• Cut off grade, dilution, and reconciliation concepts<br>• Geological modelling for shaft and development<br>• Underground drilling methods and core logging<br>• Underground mapping and structural interpretation<br>• Grade control for development and startup<br>• Interpretation of drilling and face data<br>• Ground hazard recognition including faults and water<br>• Startup workflows and operational readiness. | • Time Management<br>• Attention to detail<br>• Effective communication Skills<br>• Interpersonal Skills<br>• Creative & Innovative<br>• Leadership<br>• Team Player<br>• Decisive<br>• Ability to train subordinates |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work:** **Bisha.**
- **Salary:** **As per Company salary scale.**
- **Type of Contract:** **Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272 Asmara, Eritrea**

# ጦብላሕታዊ ንባብ ኣብ መጻሕፍቲ ታሪኽ ኤርትራ

ሰረብ እስቲፋኖስ

(6ይን መወዳእታን ክፋል)

*ኣብ ዝሓለፈ ክፋል፣ መጽሓፍ “An African People’s Quest for Freedom and Justice: A Political History of Eritrea 1941-1962፣” ማለት፣ ብምምኻር፣ ኢጣልያ ኣብ ውግእ ዓደዋ ድሕሪ ምስዓራ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ዓስከር ዝተፈጸመ ጭካነ፣ ዚ ሓቂ’ዚ ብምህባጥ ኤርትራውያን ኢትዮጵያዊ ስምዒት ነይሩዎም ዝብል ምጉት ጸሓፍቲ ታሪኽ ኢትዮጵያ ብዝምልከት ክብብ ነይርና። መቐጸልታኡ ይስዕብ፣*

ፕሮፌሰር ተኸስተ ነጋሽ (Eritrea and Ethiopia-The Federal Experience - 1997) ኢጣልያ ኣብ 1935 (40 ዓመት ድሕሪ ውግእ ዓደዋ) ንኢትዮጵያ ኣብ ዝወረረትሉ እዋን፣ ቁጽሪ ኤርትራውያን ዓስከር ልዕሊ 50,000 ምንባሩን ጸጥታዊ ኩነታት ኢትዮጵያ ኣብ ምርግጋእ ግደኦም ዓቢ ነይሩ ተባሂሉ ይእመን ከም ዝነበረን ይገልጽ’ሞ፣ ጽንሕ ኢሉ ግን ኣብዚ መዳይ ኢጣልያውያን ኣብቲ ኤርትራዊ ሓይሊ ኣብ ምምርኳስ ከምቲ ዝድለ ኣይተዓወቱን ይብል። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ክገልጽ ከሎ፣ ክሳብ 20% ናይቲ ልዕሊ 50,000 ዝኸውን ኤርትራዊ ሓይሊ፣ ናብቶም ሓርበኛታት ኢትዮጵያ ስለ ዝሰለመ ክሳብ ስዕረት ኢጣልያ፣ ኣንጻር ኢጣልያውያን ይቃለስ ስለ ዝነበረን ምዃኑ ይገልጽ። ተኸስተ ዝ. ኣሃዝ ዘምጽኦ ኑቲ ኣብ ልቢ ኤርትራውያን ዶብ ሰገር ኢትዮጵያዊ ስምዒት ነይሩ ዝብል ትረኻ ንምድራዕ እዩ። ብቑመር ተኸስተ፣ ዕስራ ሚእታዊት ናይቲ ጠቕላላ ቁጽሪ’ኮ 10,000 ማለት’ዩ። እዚ ቁጽሪ’ዚ እንተጉዓሉ ድማ ብውሑዱ 40,000 ዝኾኑ ኤርትራውያን ኻና ምስ ኢጣልያ ኮይኖም ንረብሓ ኢትዮጵያ ዘይኮነ ንረብሓ ኢጣልያ ይዋግኡ ነይሮም ማለት’ዩ። ኢጣልያዊ ስምዒቶም ድማ ኣርባዕተ ዕጽፊ ናይቶም ዝሃደሙ ነይሩ ማለት’ዩ። ስምዒት ብቑጽሪ ዝልካዕ እንተኾይኑን ተኸስተ ድማ ከም ኣገዳሲ ኣድላይን ረጊሑ እንተወሰዶ ምን 40,000 ካብ 10,000 ይዓቢ ማለተይ እዩ።

ከንደዚ ዝኣክል ብዙሓ ዘለዎ ኤርትራዊ ሓይሊ ኣብ መኣርዕ ኢጣልያዊ ሓይሊ ምጽንባሩ፣ ብመንጽር እቲ ሽዑ 40 ዓመታት ኣብሉ ኣቐጺሩ ዝነበረ ውግእ ዓደዋን ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ዓስከር ዝወረደ ግፍዕን ክረኣ እንከሎ፣ ዓቢ ታሪኻዊ ትርጉም ኣለዎ። እዞም ኤርትራውያን ወተሃደራት እዚኦቶም፣ ኑቶም ብሃጸይ ምኒልክ የማናይ ኢዶምን ጸጋማይ እግሮምን ዝተቘርጹ ደቂ ዓዶም እናርኣዩ ዝዓበዩ፣ ወይ’ውን ብዕድመ ደቆምን ደቂ ደቆምን ዝኾኑ እዮም። እቲ ግፍዒ ኣየርዓዶምን ወይ’ውን ኑቲ ብጉዳ ኣብ ውሽጦም ክሕብር ዝድለ ዝነበረ ኢትዮጵያዊ ስምዒት ኣየዘናጋኸሮምን። እቲ ኤርትራዊ ስምዒት ኣይዘለሉ ኣይተገረ። ኣብ ቦታኡ’ዩ ኣስኪኡ ዝነበረ። እቲ ሓቂ ከምኡ ከም ዝነበረ ትሬቫስኪስ’ውን (Eritrea A colony in Transition - 1960) ምስክርነቱ በዚ ዝስዕብ መንገዲ ገሊጹ ነይሩ’ዩ፣

. . . *ኣብቲ ዝሓለፈ እዋን ዋላ እቶም ኣብ ኤርትራ ዝነበሩ ትግርኛ ብመንጽር ፖለቲካእኽርኡ ብዝነርም መንገዲ ኑቲ ምስ ኢትዮጵያ ዝነበርም ታሪኻዊ ምትእስሳር ግዲ ኣይገበሩሉን። ኤርትራውያን ክሉኦም ብዙሓ ዝኸኣለ ስምዒት ኢትዮጵያዊነት፣ ኑቶም ኢጣልያውያን ንደቂቕ’ውን ይኹን ከቢድ ሰግኣት ኣይፈጠረሉምን። ኢጣልያውያን ኣብ ዓደዋ ድሕሪ ምስዓሮም፣ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ናይ ኢትዮጵያ ሓምሻይ ማሕበራትኤታ ተቓውሞ ኣይተራእየን። ኣብ 1935 ኢጣልያውያን ንኢትዮጵያ ኣብ ዝወረሩሉ ሰዓት ጉሉሕ ተኣማንነትን ልባዊ ዝኾነ ኤርትራዊ ምትሕብባርን እዮም ረኺቦም። (ገጽ 59)*

ናብ ኣለምሰገድ ተስፋይ እንተንምለስ፣ ዋሕዚ ሓረስቶት ናብ ከተማታት፣ እቲ ካልእ ኣብ ግዜ መግዛእቲ ኢጣልያ ዝተራእየ ለውጢ ከም ዝነበረ የረድእ። ከምኡ ድማ ጸላት ህንጻ ሓዲ ካብቶም ዓበይቲ ምቝጻር ስራሕ ዝተራእዩሉ ስራሓት እዩ ነይሩ። ካብ ምጽዋዕ ክሳዕ ቢሻ ዝጽሕ መንገዲ ባቡርን ካልኦት ካብ ናብ ከተማታትን ገጠራትን ዝዘርግሑ ጽርግያታት ዝተሃነጹሉ እዋን እዩ ነይሩ። እቲ 71 ኪሎሜትር ንውሓት ዝነበሮ ተሌፈሪካ ዝተዘርግሓሉ እዋን’ውን ሽዑ እዩ ነይሩ። ከተማታት ድማ እናዓበያ ስለ ዝኸዳ ቁጽሪ ተቐማጦተን’ውን ብቕልጡፍ እናዓበየ ከመጽእ ከም ዝተራእየ ኣለምሰገድ ይገልጽ። ኣብ 1939 ቁጽሪ ኢጣልያውያን 75,000 ኣብ ዝበጽሓሉ፣ ጠቕላላ ቁጽሪ ነበርቲ ኣብ ኤርትራ 614,353 ከም ዝበጽሐ ወሲኹ የረድእ።

ከምኡ’ውን ጸላታት ኢደ ስራሓት ወይ ሰንዖ፣ ዕደና፣ ሕርሻን ህንጻን ካብ 1933 ንደሓር ከም ዝተወንጨፈን ድሕሪ ስዕረት ኢጣልያ፣ ንበይጣንያ 39,300 ኣብ ስራሕ ዝተዋፈሩ ኤርትራውያን ከም ዝጸንሑዋን የረድእ።

ኣለምሰገድ ብዙሓ ኣድሎኣዊ ፖሊሲ ኢጣልያ ክገልጽ ከሎ፣ እቲ ፈላላዪ ባሁሩ ኣብ ኩሉ ጸላታት ቀጥባ፣ ወትህድርና፣ ምምሕዳርን ኢንዳስትሪያዊ ስርሓትን ዝተጋህደ ምንባሩ ይሕብር። ኑቲ ዝነበረ ኣቃውማ ሃይማኖት፣ ብሄር፣ ቋንቋ ህዝቢ ኤርትራ ድማ ንምምሕዳሩ ብዝምችእ ኩነታት ከጥቀመሉ ከም ዝተበገሰ ይገልጽ። “ካብ ሓደ ብደረጃ ሃገር ስጡም ዝኾነ ሕብረተሰብ ንላዕሊ፣ ኑቲ ኣብ ዝተሓዘ ብሄረዊ፣ ቋንቋውን ሃይማኖታውን ጉጅለታት ዝተመቓቐለ ሕብረተሰብ ንኽተመሓደር ከም ዝቐልል ርዱእ ነይሩ” ድማ ይብል (ገጽ 9)። ዚ ብምርዳእ ድማ ንኤርትራ ናብ ሸውዓተ ኣውራጃታት (ኮሚሳሪያቲ) ከም ዝመቓቐላ፣ ብመንጽር እቲ ህዝቢ ኤርትራ ዝነበሮ ኣቃውማ ሃይማኖት፣ ቋንቋ፣ ብሄር ድማ እተን ኣውራጃታት ናብ ወረዳታትን ንኡሳን ወረዳታትን ከም ዝተመቓቐላን ኑተን ንኡሳን ወረዳታት ድማ ምስሌኔታትን ናዝራትን የመሓድሩወን ከም ዝነበሩ ኣለምሰገድ የረድእ። ኣብ ሲቪካዊ ኣገልግሎታት፣ ኤርትራውያን ትሑት ዝነበረ ስራሕን ትሑት ደሞዝን ይወሃቦም ምንባሩን ኣብ እዋን ፋሽስታውነት ድማ ኣብቶም ፍሉይ ክእለት ዝሓቲ ዝነበሩ ስራሓት፣ ኤርትራውያን ከይሳተፉ ዝኽልክል ሕጊ ከም ዝተወሰነሎምን ይትርኽ።

ቀጺሉ፣ ወትህድርና ምናልባት እቲ ዝዀነ ዓሌታዊ ፍልልይ ዝጸበረቐሉ ዝነበረ ትካል ምንባሩ ይገልጽ። ንኤርትራውያን ዓስከር፣ ካብቲ ምዱብ ኢጣልያዊ ሰራዊት ዝፈለየ፣ ወታደራዊ ልብሲ፣ ማዕርግን ምሕደራን ከም ዝተወሰነሎም የዘኻኽር።

ኣብ ጸላት ትምህርቲ’ውን እቲ ደራቲ ፖሊሲ መግዛእቲ ኢጣልያ፣ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ተተግቢሩ’ዩ። እቲ ኤርትራውያን ክበጽሕዎ ዝተፈቕደ ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ፣ እቲ መበኣታ ክእለት ቋንቋ ጣልያን፣ ቁጽሪ፣ ጽሬትን ታሪኽ ኢጣልያን ዝፈቅድ ዝነበረ ራብዓይ ክፍሊ ጥራሕ ምንባሩ ይገልጽ። ኣብዚ’ውን እቲ ፈላላዪ ባህሪ ፖሊሲ ኢጣልያ ተጋሂዱ’ዩ። ንክርስትያን ኤርትራውያን ትግርኛ፣ ንኣስላም ኤርትራውያን ድማ ዓረብ መምሃሪ ቋንቋታት ክኾኑ ተወሲኑ ምንባሩ’ውን የዘኻኽር።

ብዘዋሳኺ፣ እቲ ኤርትራውያን ፖለቲካዊ ውዳበ ከይገብሩን ኣብኡ ከይሳተፉን ከምኡ ድማ ሓሳባቶም ኣብ መራኸቢ ብዙሃን ከይገልጹን ዝኽልክል ፖሊሲ ኢጣልያ፣ ኑቲ ኤርትራውያን ኣብ ናይ ጥንቲ ኣቃውማኦም ተደሪቶም ዝተረፉን ኣብ መንነቶም ድማ ኣዝዩ ድሩት ዝኾነ ርክብ’ዩ ዘሎ ንዝብል ስእሊ ከሕዝእርቕ ዝተዋደደ ምንባሩ ይገልጽ። የጉዳስ እቲ ፈላላዪ ፖሊሲ ብዘይተሓሰበ መንገዲ ኑቲ ህዝቢ ኣብ ሓደ ሓብራዊ ስእ ኣእምሮኣውን ባህላውን ተቓውሞ ከም ዝጸልል ከም ዝገበረን ኑቲ ኣብ ዳሕረዎት ዓመታት ዝተራእየ ሃገራዊ ምንቅስቓስ እጃሙ ከም ዘበርከተሉን ብምግላጽ ይድምድም። ኣለምሰገድ ኣብዚ ምዕራፍ ንቕድመ መግዛእታዊ ከምኡ ድማ ንመግዛእታዊ ታሪኽ ኤርትራ ብምጽማቕ እዩ ከጥቀመሉ መረጸ። ጽቡቕ ምርጫ እዩ። የጉዳስ ኑቶም ኣብ መቕድም እተን ሰለስተ ቀዳሞት መጻሕፍቲ ዝሰፈርም ደጋግምካ ንበቦም ዝመጽካ ረዘንቲ ሓሳባት ስለ ዘይረኸብኩዎም ቅር ኢሉኒ። ኑቶም ብሉጻት ሓሳባቱ ኣቀሪቡሩ እንተዘይተምዎ ነይሩ ከንደይ መምሓረ። ኑቶም ካብ ልቦናኡ ክረብሑ ዝኾኑዎም ትግርኛ ክበዮም ዘይክእሉ ወጻኢተኛታትን ኤርትራውያንን ክብብቲ ምስ ዘርኩ ድማ ዝሽሰሩ ኮይኑ ተሰምዓኒ። ብዓልእ ሸነኽ ግን ዝ ምዕራፍ ንታሪኽ ኤርትራ ኣብ እዋን መግዛእትን ቅድመ መግዛእትን ኣብ ምጽብራቕ ስለ ዝተጠቕመሉ እቲ ኣብተን ቀዳሞት ሰለስተ መጻሕፍቲ ዝተራእየ ምድግጋም ሓሳባት ተሪፉ ንረክብ።

## መዛዘሚ

ኣለምሰገድ፣ ኑቲ ብኸንደይ ጻዕርን ግዜን ዝረኸቦ ምንጮታትን መርትዖታትን ታሪኽ፣ በቲ ዝግባእ ኣጉባብ እዩ ኣብ ጥቕሚ ኣውዒሉዎ። ታሪኻውያን ምንጮታት ተጠቒሙ፣ ኑቲ ንህላውነት ኤርትራዊ ሓባራዊ ሃገራዊ መንነት ከኽሕድ ዝጽንሐ ዓለማዊ ትረኻ፣ ብስነ ፍልጠታዊ መንገድን በቲ ክበሃሎ ዝግባእ ቋንቋን ቃናን’ዩ በዩሁዎን ማእዚዙ ኣትሒዙዎ። ንስራሓቱ ከምቲ ሓያሎ ኢትዮጵያውያን ጸሓፍቲ ዝገበሩዎ ቀይቀን ጸርፍን እናሓወሰ ኣይበበሮን። ቀይቀን ጸርፍን ዝሓዘለ ጽሑፍ፣ ታሪኻዊ ተባሂሉ ክግለጽ ኣይክእልን’ዩ።

ሓሳቦን መርትዖን ዘለዎ ተመራማሪ ኣይጸረፍን’ዩ። ኣይንድርን’ውን። እቲ መርትዖ ወዲኡ ክብሎ ዝደለዮ ጸሓፊ’ዩ መተካእታ መርትዖኡ ንኽኸኖ ጸርፊ ዘዘንብ። ኣብ ጽሑፋት ኣለምሰገድን ጽሑፋት ሓያሎ ጸሓፍቲ ታሪኽ ኢትዮጵያውያን ምህራትን ዘሎ ሰፊሕ ፍልልይ ከምቲ ተስፋዬ ገብረኣብ (የደራሲው ማስታወሻ - 2002) ዝበሎ፣ ኣብ መንጎ ዛራን ውሕጅን ዘሎ ፍልልይ እዩ። ተስፋዬ ኣብታ ‘ወዝዋች እና ኀርፎች’ እትብል ምዕራፍ፣ ኑቶም ኣብ እዋኑ ዝነበሩ ጸሓፍቲ ብፍልልይ ዛራታትን ውሕጅን መሲሉ እዩ ዝጉጅሎም። ዛራታት ፍሉጥ ዝኾነ ማጠብን መዕረፍን ዘለዎም፣ ንዋሒ እዋን ዝጉዓዙን ሰለል እናበሉ ሓቐቕ ክማስሉ ብህድኣት ዝየግሙን ክኾኑ ከለው፣ ውሕጅ ግን ጉሓፍን እኽብኩብን ዝሓቖፈ፣ ሪሳ ደማሙ፣ ኣኻልቦ ምንጋጋ ኣድጊ፣ ብትኽታኽ ጨርቂ ከይተረፈ ተሰኪሙ እናጉረ ዝሕንብብ ማያዊ ኣካል ምዃኑ’ዩ ዝገልጽ። ተስፋዬ ኑቶም ንጸሓፍቶም ጸርፊ፣ ቁጠዐ፣ ፈኸራ፣ ምፍርራሕ ወዘተ. ኣልቢሶም ዘቕርብዎም ጸሓፍቲ፣ ብውሕጅ እዩ ዝምስሎም። ከምኡ ብምምኻርም ድማ ንጽሑፋቶም ማዕረ ክንደይ ዕንወት ከም ዘበጽሐሉም ብምግንዛብ፣ ጸሓፍቲ ካብ ከምኡ ዓይነት ምርጫ ክእለዩ ይምዕድ።

ሓደ ካብቶም ንጸርፊ መተካእታ መርትዖታቶም ዝገበሩ ኢትዮጵያውያን ጸሓፍቲ ዘውዴ ረታ እዩ። ዘውዴ ረታ (2006)፣ ኑታ በቲ ዓማዊ ኃይለሥላሴ ዘመነ መንግሥት የኤርትራ ጉዳይ 1941-1963 (እንደ አውሮፓውያን ዘመን አቆጣጠር) እትብል መጽሓፉ፣ ካብ ሓደ ታሪኽ ዝጽሕፍ ዘሎ ሰብ ብዘይትጽበዮ መንገዲ መኣዝነ ጸርፊ እዩ ገይሮሙ። ኑቶም ንሶም ዝበሉዎም ሚዛን ዘጉድሉ ቃላት ኣብዚ ምድጋም ደስ ዘይብለኒ እንተኾነ፣ ገለ ገለ ጸሓፍቲ ታሪኽ ዝብል ስም ዘለዎም ኢትዮጵያውያን ጸሓፍቲ እንታይ ከም ዝመስሉ ንምርኣይ ግን ግድን ክጠቕሶም እዩ። ዘውዴ ረታ፣ ንሓርበኛ ኣቦና ኢብራሂም ሱልጣን ንኣብነት፣ ‘ቀጣፊ’፣ ‘መሀተፍተፊ’፣ ‘መጠፋፍኢ’፣ ‘ሰነኽሶዊም ፖለቲከኛ’፣ ‘መዋቕዲ’ ክብሎም ከሎ፣ ንሓርበኛ ኣቦና ወልደኣብ ወልደማርያም ድማ ‘ጉታር’፣ ‘ኩሉዲ’ ኢሉም ጸርፍታት ይኸዕወሎም። ከምኡ ድማ ኑቶም ጉዳይ ኤርትራ ናብ ሕቡራት ሃገራት ዓለም ምስ ተሰጋገረ ነዝግሮራቶም ወኪሎም ኣብ ጉዳይ ኤርትራ ዝተፈላለየ ርእይቶታት ዘቕርቡ ዝነበሩ ልኡኻት፣ ‘ኣንጭዋ ዝቡታተኸቶ ጠባይ’፣ ‘ሕልኩስ’፣ ‘ቀይዲ በተኽ’፣ ‘ውዳቕ’፣ ‘ለኸቦጥ’፣ ዝብሉ ክትሰምዖም ዘሰክድግዱ ጸርፍታት ክሰኽሙዎም ይርኣዩ።

ውሕጅ፣ ሓታል ወይ ዝርግራግ ስለ ዝኾነ ኑቶም ሃብቲ መሬት ዝኾኑ ጺጋታት ንምልኣት ዓይኒ’ኳ ከይረኣዩ ዓቢጡ’ዩ ብጸፋዕፋዕ ዝጋልቦ። ዛራ ግን ህዱእን ሓቒቕን ስለ ዝኾነ ኑቲ ብትሕቲኡ ዘሎ ከም ሐጻ ኣእማን ኩሪት፣ ዝኣመሰለ ጸባቐ መሬት ኩሉዕ ኢሉ ከም ዝርአ’ዩ ዝጉብር። ዝሓብኡ የብሉን። ሓቒ’ንዶ’ዩ ሐዞ! ጸሓፍት ኣለምሰገድ ድማ ከምዚ ዳሕረዋይ እዮም። ኣለምሰገድ ኣብ ጽሑፋቱ ልክዕ ከምቲ ዝኸም እናበለ ዝጉዓዝ ዛራ፣ ቃና ነድሪ፣ ሕርቃን፣ ጸርፊ፣ ምንእኣስ ከየጸብረቐ፣ ንሓሳባቱ ርግእ ኢሉ’ዩ ዘቕርቦም። ንሓቂ ክየዝእ ዝወሰኸ ኣብ ጭብጥታቱን ገዚኡ ኑብሱን ዝኣምንን ጸሓፊ ዝጉብሮ ብሱል ኣካይዳ እዩ። መጽሓፍ ታሪኽ ብጸርፊ ክዕበለኸ ከም ዘይግባእ ድማ ብጉብሪ ኣርእዩ። ‘ታት፣ እግሪ ሃብዚ ሰንቡተ’ እናበለ ካብ ጋዜጣታት፣ ቀርጽረጽ ወረቓቕቲ ታሪኽ፣ ቃል መሕተት ወዘተ. ዝጀመሮ ወፍሪ ምስናድ ታሪኽ፣ ኑተን ሰለስተ ብትግርኛ ዘቕረበን መጻሕፍቲ ናብ ነብበቲ ከበጽሐን ኣኽኢሉዎ። ንኣን ማሰረት ገይሩ ድማ ዝ ናይ ሕጂ ብእንግሊዘኛ ዝተዳለወት ሰደ፣ መጽሓፍ ክትከውን ኣብቂዑዋስ ኣብ ምጽሓፍ ታሪኽ ግሉን ስም ዘለዎም ተመራመርቲ ናብ ዝተዓምመወ መጽሓፍ ተሰጋገራ ምህላዋ፣ ንእሽቶ ሩፍታ ዝፈጥር’ዩ። ኑቶም ዘይጽሕፉ ዘለዉ ድማ ዓቢ ትምህርቲ ዝሀብ ከኣ’ምበር።

ኣብቲ ሰፊሕ ታሪኽ ኤርትራ ክሕንበስ ንዝበሀግ ነብ፣ በዚን ኣብ ውሱን ዓኽሊ ታሪኽ ኤርትራን ህዙበን ዝገልጸ መጻሕፍቲ እንተጀሚሩ፣ መመለሱ መቒሩዎ ንገለ ካብ ግዜኡ፣ ኣብ ምንባብ ጽሑፋት ታሪኽ ከውዕሎ ከም ዝድርኾ ኣስተውዒለ። ሰብ ሬዚን ታሪኽ ስለ ዝኾነን ኣብ ታሪኽ ምግዳስ ማለት ሓያሊ፣ ርእሰ ተኣማንነት፣ ብስለት ወዘተ. ምውናን ማለት እዩ’ሞ ኣብ ምንባብን ምጽሓፍን ታሪኽ ወይ ታሪኻዊ ጽሑፋት ክንዛጦፍ ይግብኣና። ስለዚ፣ ብሕጽረት መወከሲ ከይተዓዕቀ ድሕሪ ብዙሕ ድኻም ኣካል ዓለማዊ ስ ጽሑፍ ዝኾነ ሰለስተ መጽሓፍቲ ታሪኽ ስለ ዝቐረበልና፣ ከምኡ’ውን ብዙሓት ነብበቲ ረኺብ ኣቐሪታዊ ጉምጋም ክገብረላ እትኽእል ብእንግሊዘኛ ዝተጻሕፈት መጽሓፍ ታሪኽና ንዳለምለኸ ነብበቲ ብዝበቅዕ መንገዲ ስለ ዘዳለወልና ኣዕዚዘ ኣመስግኖ።

ጽሑፈን ተመራማርን ታሪኽ ኣለምሰገድ ተስፋይ፣ ኣብ ሰለስተኣን መጻሕፍቱ፣ ንዘምልከቶምን ዝገደሶን ኣካላት፣ ንጽሑፋቱ ብቕፈታዊ ዓይኒ ርእዮም ክየምግሙዎም ብዓውታ ይዕድም’ዩ። እዚ ድማ በቲ ሓደ ወገን እቶም ክየምግሙ ትጽቢት ዝግበረሎም ኤርትራውያን ነብበቲ፣ ንኽበራብሩ ዝደፋፍእ ክኸውን ከሎ፣ በቲ ካልእ መዳይ ድማ ንሱ ከም ጸሓፊ ማዕረ ክንደይ ኣብ ገዛእ ስራሓቱ ርእሰ ተኣማማንነት ከም ዘለዎ ዝሀሉ እዩ። ስለዚ ነብበቲ ንትሕዝቶታት መጻሕፍቱ ፈለማ ክበኡዎም፣ ድሕሪ ምንባብ ድማ ኣዳቒቖም ክጥሕኑዎም፣ ጥሒኖም ድማ ሃጽቲ ኣካላውን መንፈሳውን እንታይነቶም ንኽኾኑ ክውሕጡዎም፣ ተዳቒቖም ኣብ ኣሰናን ዝተረፉ ወይ ክጠሓሉን ክዳቐቑን ዘኣበዩ ገለ ተረፍ እንተለዉ ድማ ብጣይ ጉጻጉጻም ወይ ብስተክኒ ፈቲኾም ከውጽኡዎም ባይታ ኣሎዎም። ኑቲ ንኣካለምን ኣተሓሳስባታቶምን ዝሃጸ ዝዓበየ ትሕዝቶ ግን ንኻልኦት ነብበቲ መግቢ መታን ክኾኖ፣ ተመሊሶም ክጽሕፉሉ ወይ ክሸቕፉሉ ኣለምሰገድ ዝበህጎ ይመስለኒ፣ ምኽንያቱ ደጋጊሙ ስለ ዝበሎ። ስለዚ ከምቶም ክቦም ዘጽቅጡ ዘይትሳእ ከምቲ ንሱ ዝበሀጎ ካብ ወደሳን ኣድናቖትን እልዩ ኢልና ንትሕዝቶ መጻሕፍቱ (እንተላይ ዝ ሓዳስ ብእንግሊዘኛ ዝተዳለወት መጽሓፍ) ብቕፈታዊ ዓይኒ ክንመሚ የብቅዓና።

# ስፖርት

ኣብርሃም ዮውሃንስ (ወዲ ዕቋር)

## ውድድር ማውንቴን ባይክ ናይ ዋንጫ ሰማእታት ፈሊሙ



ብፌደረሽን ቅድድም ብሽክሊታ ዞባ ማእከል ተወዲቡ፡ ብምኽንያት መዓልቲ ሰማእታት ንኽልተ መደረኽ ዝቐጽል ውድድር ማውንቴን ባይክ ትማሊ ቀዳም ጀሚሩ።

ፈለማ 99 ተቐዳደምቲ ምድብ (C) 30 ኪሎሜተር ንምሽፋን ኣብ ማስርዕ ተረኺቦም። ፈደሪኮ እስቲፋኖስ ካብ ጋንታ ኣድማስ ደማ ንውድድሩ ብ00፡ 55'፡ 05" ብምዝዛም ናይ መድረኽ ዓወት ኣመዝጊቡ። እሰይ ብርሃ ካብ ኣድማስ፡ ሄኖስ ዳዊት ካብ ትጸቢት ድማ፡ ካልኣይን ሳልሳይን ኣትዮም።

40.5 ኪሎሜተር ዝሸፈኑ 130 ተቐዳደምቲ ምድብ (B) ከኣ፡ ኪብሮን ፍጹም ካብ ጸጎዖት ንውድድሩ ብ01፡04፡15 ብምዝዛም ተዓዊቱ። ሱራፍኤል ሰመረ ካብ ኣድማስ ቶሊብ ደበሳይ ካብ ሳሊና ከኣ፡ ንእኡ ብምኽታል ሕንጻጽ ረጊጾም።

36 ኪሎሜተር ካብ ዝሸፈና ተኻእቲ ተቐዳደምቲ ማውንቴን ባይክ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዘካየድኦ ጸወታ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ብቐዓታ ተማሲኺር ዘላን ተዓዋቲት ዋንጫ ናጽነትን ተቐዳዳሚት ብስራት እስቲፋኖስ ካብ ጋንታ ጋላፍሒ ቀዳመይቲ ኮይና ተዓዊታ። ማሙቕ ተወልደ ካብ ሰራይር ሳዋ ካልኣይቲ፡ ባና ፍጹም ካብ ጋላፍሒ ሳልሰይቲ ወጺኤን። ኣብ መወዳእታ ውድድርም ካብ ዘካየዱ ዓበይቲ ማውንቴን ባይክ ምድብ (A) ኩይናም፡ 128 ተቐዳደምቲ 45 ኪሎሜተር ንምሽፋን ኣብ ማስርዕ ተረኺቦም። ኣብ ዘካየድዎ ሓያል ውድድር ድማ፡ ተዓዋቲ ዋንጫ ናጽነት መሴ ሚካኤል ካብ ጋንታ ትጸቢት ንመወዳደርቱ ብሸኑ ረቲዑ ቀዳማይ ተዓዊቱ። ማርዶኪዮስ ብርሃ ካብ ኣድማስ፡ ዮናታን የማ፡ ማርዶኪዮስ ሳምሶም፡ ሃብቶም ኪዳነ ሰለስተኦም ካብ ትጸቢት፡ ተማስገን ኣቶብርሃን ካብ ኣድማስ፡ ተማስገን ሳሚኤል ካብ ጎዳይፍ፡ ኮኾብ ኣማኒኤል ካብ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣማኒኤል ጺጋይ ካብ ጎዳይፍ፡ ሄኖስ እዮብ ካብ ገጀረት፡ ካብ ካልኣይ ክሳዕ ዓስራይ ዘሎ ደረጃ ሐዚዞም።

## ዓዲ ተከሌዛን- ብምኽንያት በዓል ናጽነት ስፖርታዊ ውድድራት ተሰላሲሉ

ንኣሰታት ሓደ ወርሕን ፈረቓን ክካየድ ዝጸንሐ ስፖርታዊ ውድድራት ቀነ ናጽነት ንዞባ ዓዲ-ተከሌዛን ናይ 10 ሽሕ ሜትሮ ናይ ጽርግያ ውድድር ጉያ እግርን 40 ኪሎሜትር ዝሸፈነ ናይ ማውንቴን ባይክ ውድድር ብምክያድ ተዛዚሙ።



10 ሽሕ ሜትሮ ኣብ ዘሳለሉ ተቐዳደምቲ ደቂ-ተባዕትዮ፡ ሳይሞን ገብረንጉስ ቀዳማይ ብምውጻእ ውድድሩ ክዛዝም እንከሎ፡ ራኤል ስምኦን፡ ሮቤል ሃይሉ፡ ሑሴን ዑመር፡ ያፌት ተስፋህይወት፡ ዓብዱላሂ ሱሌማን ካብ ካልኣይ ክሳዕ ሻድሻይ ዘሎ ደረጃ ሐዚዞም። ናይ 5 ሽሕ ሜትሮ ውድድረን ዘካየዳ ደቂ-ኣንስትዮ ኣትሌታት ድማ፡ ቅሳነት መርሃዊ፡ ኣርያም ግብረማርያም፡ ኣሕሎም ኢብራሂም፡ ዘቢብ ናስር፡ ሰናይት ሚካኤል፡ መርድያ ያሲን ካብ ቀዳማይ ክሳዕ ሻድሻይ ዘሎ ደረጃ ብምሓዝ ውድድረን ዛዚመን። ተቐዳደምቲ ማውንቴን ባይክ ኣብ ዘካየድዎ ውድድር ከኣ፡ ፋትኤል ጠዓመ ንመወዳደርቱ በሊጹ ቀዳማይ ሕንጻጽ ብምርጋጽ ተዓዊቱ። ሻም መሓሪን ወሊድ ኢብራሂምን ከኣ፡ ንእኡ ሰዒቦም ውድድሮም ዛዚሞም።


ኣብዚ ሓያል ስፖርታዊ ህልኽ ዝተራእዮ ፍጻመ፡ ስፖርተኛታት ውድድራት ጉያ እግሪ፡ ኩዕሶ እግርን መርበብን ከም'ኡ'ውን ቅድድም ብሽክሊታ ብክልተኡ ጾታ ኣካይዶም።

## ኣትለቲኮ ንባርሳ ሓጪሚጪትላ

ባርሴሎና ኑቲ ወኪ ተጻዋታያ ሁላን ኣልቫረዝ ክትውንን ምድላያ ዘይተውሓጠላ ኣትሌቲኮ ማድሪድ፡ ንባርሳ ብሕሜጪጪ መሊሳትላ።

ኣትሌቲኮ ማድሪድ ኣብቲ ኣብ ገጻት X ዘሰፈረቶ ናብ ባርሴሎና ዝቐንዐ መልእኽቲ፡ "ናብ ባርሴሎና ጠለባትና ዝሓዘ መልእኽቲ ሰዲድና፡" ድሕሪ ምባል፡ "ኣርባዕተ ቲኬት ናይ ጸባሕ ኮንሰርት፡ ዓመታዊ ክፍሊት ናይ 'ABC'፡ ቦርሳ ምሉእ ዕንቡብ ንደሊ። መልሶም እንታይ ክኸውን'ዩ ብሀንጡይነት ንጽበ ኣሎና፡" ኢሉ። ኣትሌቲኮ ማድሪድ ዝ. ጽሑፍ ተጻወትቲ ባርሴሎና ላሚን ያማልን ፔድሪን ብሰብ ሰርሖ ብልሒ ማልያ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ለቢሶም እንከለው ዘርኢ ምስሊ ገይሩ'ያ ለጢፋቶ። እዚ ከኣ፡ ኣትሌቲኮ ንኣልቫረዝ ናብ ባርሳ ክትሰዶ ከም ዘይትደሊ ዘንጸባርቕ'ዩ።

እዘን ክልተ ክለባት ብምስጥጋር ተጻወትቲ ክቡኣሳ እዚ ናይ ሎሚ ናይ ፈለማ ኣይኮነን። ኣብ 2019 እውን ባርሴሎና ንተጻዋታይ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ኣቶንዮ ግሪዝማን ክተፈርም ጻዕሪ ኣብ ትገብረሉ ዝነበረት ግዜ፡ ብኣትሌቲኮ እወታዊ መልሲ ኣይተወሃባን። ባርሳ ድማ፡ "ኣትሌቲኮ ክብረት ኣይሃበትንን" ብምባል ከሲሳታ ነይራ'ያ።




ሁላን ኣልቫረዝ ኣብ ርእሲ ናይ ባርሴሎና፡ ብኣርሰናልን ፒኤሶጂን'ውን ዝድለ ዘሎ ተጻዋታይ'ዩ። ዘይምስምማዕ ባርሳን ኣትሌቲኮን ድማ፡ ነዘን ክለባት ተስፋ ዝሁብ ኩነታት ፈጢሩለን ይርከብ ኣሎ።

## ዜና ብሓጺሩ

- ባርሴሎና፡ ንሂንካፒ ተቋምት

ክሳዕ 2031 ዝጸንሖ ውዕል ንኣንቶንዮ ኀርደን ብምፍራም ማስመር ምጥቃዓ ኣደላዲላ ዘላ ባርሴሎና፡ ማስመር ምክልኻላ ንምሕያል ድማ፡ ንፔሮ ሂንካፒ ተጣይቓሉ ኣላ። ንኣርሰናል ኣማሪጺ ብምኳን ታሪኻዊ ዓወት ክትቋደስ ካብ ዘበቅዕዋ ሓደ ዝኾነ ሂንካፒ ብዘርእዮ ዘሎ ብቕዓት ቀልቢ ብዙሓት ክለባት ሰሒቡ ይርከብ።

- ማንቸስተር ዩናይትድ ናብ ሚላን ዓይና ተዘወር

ኣብ ክራማት ዝተፈላለዩ ተጻወትቲ ብምፍራም መሳርዓ ክተደላድል ወሲና ዘላ ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ንናይ ኤሲ ሚላን ናይ ክንፊ ተጻዋታይ ፖርቱጋላዊ ራፋኤል ልዮ ትሓተሉ ኣላ። ኢጣልያዊት ኤሲ ሚላና ንዓመታ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ከም ዘይትሳተፍ ኣረጋጊጻ ብምህላዋ፡ ዩናይትድ ነዚ ወዲ 26 ዓመት ራፋኤል ልዮ ብሕሱር ክትውንኖ ከም እትኽእል ይግመት።

## ማእከል፡ ውድድራት ባድሚንተን ቀጺሉ

ፌደረሽን ባድሚንተን ዞባ ማእከል፡ ካብ 16 ግንቦት ኣትሒዙ ብምኽንያት በዓል ናጽነት ዘካይዶ ዘሎ ውድድራት ባድሚንተን፡ ዓርቢ ብዝተፈላለየ ውድድራት ቀጺሉ ውዒሉ።

ተወዳደርቲ ትሕቲ 19 ዓመት ደቂ-ኣንስትዮ ብድርብ ኣብ ዘካየድኦ ጸወታ፡ ሓያት ኢብራሂም ምስ መርያም መሓመድ ብርሃን ኣብ ልዕሊ ኣርያም መድሃኔን ኢሊና ከሰተን 2ብ0 ተዓዊተን። ኣብ ተመሳሳሊ ክሊ ዕድመ ዝርከቡ ደቂ-ተባዕትዮ ድማ፡ ብሩኽ ፊሊጶስ ምስ ሃይሰም የኑስ ንኤሽን ሓጎስ ምስ ናኦድ ኣርን 2ብ1 ስዒሮሞም።

ሕወሰዋስ (ብክልተኡ ጾታ ብዘቘመ ጋንታት) ኣብ ዝተኻየደ ግጥም ከኣ፡ ኤልሻዳይ መሴ ምስ ሓያት ኢብራሂም ነታ ብሆሬብ ብርሃን ሚካል የማነ ዝቘመት ጋንታ 2ብ0 ብምርታዕ ተዓዊቶም ወጺኦም።

እዚ ዝካየድ ዘሎ ውድድራት ባድሚንተን ኣብ ሰለስተ ክሊ ዕድመ ማለት፡ ትሕቲ 15ን 19ን ዓመት ከም'ኡ'ውን ልዕሊ 19 ዓመት ብዝካየድ ግጥማት ንጥፈታቱ ይሰላሰል ኣሎ።

ውድድራት ባድሚንተን ሎሚ ሰንበት'ውን ካብ ሰዓት 8፡00 ቅ.ቀ ኣትሒዙ ኣብ ጂምናዝዮም ሃግመተኤ ብዝተፈላለየ ውድድራት ቀጺሉ ክውዕል'ዩ።

## ስሎትን ሊቨርፑልን ተፈላልዮም

ንክልተ ወቕቲ ስፖርት ዓላሚ ሊቨርፑል ኮይኑ ዝጸንሐ ኣርነ ስሎት፡ ካብ መዘኑ ምስልጣን ሊቨርፑል ተኣልዩ።

ወዲ 47 ዓመት ሆላንዳዊ ኣርነ ስሎት፡ ኣብ 2024 ንጀርገን ክሎፕ ተኪኡ መንበር ምስልጣን ሊቨርፑል ተረኪቡ።



ኣብ ቀዳማይ ዓመቱ ንሊቨርፑል ንመበል 20 ግዜኣ ጸዋእ ፕሪመር ሊግ ከም እትልዕል ብምግባር ምስ ማንቸስተር ዩናይትድ ኣመዓራሪዩዋ። በዚ ከኣ፡ ኣድናቖት ተለጊስሉ። ካልኣይ ዓመቱ ግን ኣይገደን ኮይና ሓሊፋ። ሊቨርፑል፡ ብዘተኻታተለ ንብርክት ዝበለ ጸወታታት ተሳዒራ። ኣብ ፕሪመር ሊግ ሓምሻይ ደረጃ ብምሓዝ ከኣ፡ ንወቕቲ ስፖርት 2025-26 ብዘይ ዋንጫ ተፋንያታ። ስሎት፡ ኣብዛ ዓመት ንሊቨርፑል መሪሑ ኣብ ኩሉ ውድድራት 57 ግጥማት ኣሰላሲሉ። ካብዚ 28 ግጥማት ክዕወተሉ እንከሎ፡ ኣብ 20 ተሳዒሩ፡ ኣብ 9 ድማ ማዕረ ወጺኡ።

ወጽኢት ከም'ዚ'ሉ ከሎ ኣርነ ስሎት፡ ዝመጽእ ዓመት ስፖርት ምስ ሊቨርፑል ክቕጽል ምዃን ክሕብር እኳ እንተጸንሐ፡ ድሕሪ ነዊሕ ግዜ ዝወሰደ ጽዑቕ ዝርርብ ትማሊ ምስታ ክለብ ተፈላልዩ።

ዝሰዕብ ኣሰልጣኒ ሊቨርፑል መን ክኸውን'ዩ ዝብል ሕቶ ድማ፡ ተበጊሱ ይርከብ። እቲ ማልያ ሊቨርፑል ለቢሱ ጸዋእ ሻምፕዮንስ ሊግ ዘልዓለ ኣሎንሶ፡ ደገፍቲ ሊቨርፑል እናደለይዎ ምስ ቸልሲ ተሰማሚዑ ኣሎ። እቲ ኣብዛ ዓመት ንጋንታኡ ናብ ኤውሮጳ ሊግ ኣብጺሑ ካብ ቦርንማውዝ ዝተሰናበተ ኣንዶኒ ኢራዖላ ድማ፡ ቀዳማይ ሕጹይ ኮይኑ ከም ዘሎ ይንገር ኣሎ። ፋብሪዝ ሮማኖ ድማ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ወግዓዊ ኮይኑ ዝግለጽ፡ ኣብ መንጎ ሊቨርፑልን ኢራዖላን ዝርርብ ይካየድ ከም ዘሎ ሓቢሩ።

## ጆኮቪች፡ ብወዲ 19 ዓመት ካብ 'ፍረንች ኦፕን' ተኣልዩ

ዓርቢ 29 ግንቦት፡ ኣብ መድረኽ ባይታ ተኒስ 'ፍረንች ኦፕን' ኣገራሚ ክስተት ኣጋጢሙ። ሓሙሽተ እብረ፡ ዳርጋ ሓሙሽተ ሰዓት ዝወሰደ ግጥም - ተቐያያሪ ድራማ፡ ክሳዕ ጆኦ ፎንሰካ



ብዓወቱ ዝዛዘሞ፡ ሓደኳ ደፊሩ ዘይገመቶ ወጽኢት ሰዲዱ - ምስንባት ኖቫክ ጆኮቪች።

እቲ ግጥም ሓያል ናይ ዕድመን ተመክሮን ፍልልይ ዝተንጸባረቐ እዩ። ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው፡ እቲ ጸወታ ናይ ኣጣ ወድን ግጥም'ዩ ነይሩ ክበሃል ይከኣል።

እቲ ጸወታ፡ ምናልባት ንወዲ 39 ዓመት ኖቫክ ጆኮቪች ብዝዕቢ ዝሰነም ዘሎ ዕድመኡ ከዘኻኽር እንከሎ፡ ነቲ ወዲ 19 ዓመት ትስፉው ተጻዋታይ ጆኦ ፎንሰካ ድማ፡ ኣብ ታሪኹ ወትሩ ዝዝከሮ ናይ 'ግራንድ ስላም' ዓወት ክኸውን'ዩ።

ቅድሚ እዚ ናይ ዓርቢ ጸወታ፡ ጃኒክ ሲነር ብስዕረት፡ ካርሎስ ኣልካረዝ ብመጉዳእቲ ተኣልዮም ብምንባሮም፡ ጆኮቪች ወርቃዊ ዕድል ተኸፊትሉ ነይሩ። ጆኮቪች፡ ናይ ሎሚ ዓመት ፍረንች ኦፕን ብምዕዋት፡ ኣብ ግራንድ ስላም ን25 ግዜ ተዓዊቱ ክብረ ወሰን ክሕዝ ሓሊኑ ነይሩ። ይኹን እምበር ብፎንሰካ ተኸሊፉ።

ጆኮቪች፡ ነተን ቀዳሞት ክልተ እብረ ናይ ዓርቢ ግጥም ምሉእ ብምሉእ'ዩ ተቘጻጺሩወን። ኣብ ሳልሰይቲ እብረ ግን ኩነታት ተቐያዪሩ። ጆኦ ፎንሰካ ሓቀኛ ብቕዓቱ ኣንጸባሪቑ። ኣማሲያኡ ድማ እቲ ጸወታ፡ 4ብ6፡ 4ብ6፡ 6ብ3፡ 7ብ5፡ 7ብ5 ብዝተኸተለ ወጽኢት ብዓወት ፎንሰካ ተዛዚሙ። ጆኮቪች ከኣ፡ ካብ ፍረንች ኦፕን ተገሊፉ። ንሓርበኛ ባይታ ተኒስ ጆኮቪች ዝበለጸ ውልዶ መንእሰይ ፎንሰካ ድማ ብሓያሎ ኣፍቀርቲ ናይቲ ዓውዲ ይንኣድ ኣሎ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ኣሸፋኣ<br>ፋርማሲ ገዛ ኸኒሻ<br>ፋርማሲ ሰላማዊ | 31/05/2026 | ጎደና ከልዓውታ ቁ.57 ኣቐርደ ኣብ እንዳ ዓለቦት<br>ጎደና ክሳድ ገዋ 195 ነብ. 2ይ ደረጃ ቤ/ት ደሳቕ ተወልደመድህን<br>ጎደና ሮራ መንሳዕ ቁ.ገዛ 19 ፊት ፋብሪካ ሞዝን ኢያሱ | 07157709<br>08202877<br>07463110 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

slot